# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.210 | ሓሙስ 2 ግንቦት 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 — ኣህጉራዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት ኣብ ዞባታት. . .!



ገጽ 3 — ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?


ገጽ 4 — ብጽባሕና እንታይ ትሓስብ



ገጽ 5 — ሰኣን'ታ ጭራም ወረቐት



ገጽ 7 — ዩኤል ወናኒ ብጫንቀጠልያን ማልያ ኮይኑ




## ባሕቲ ግንቦት - ኣህጉራዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት፡ ብደረጃ ሃገር ተኸቢሩ





ስእሊ - ኣቤል በረኸት

ባሕቲ ግንቦት - ኣህጉራዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት፡ "ሞያዊ ብቕዓት፡ ደራኺ ንልምዓት" ብዝብል ቴማ - ብደረጃ ሃገር ንመበል 33 ግዜ ኣብ ኣዳራሽ ሃገራዊ ኮንፌደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ ብዝተዳለወ ስነስርዓት ተኸቢሩ።

ኣብ'ቲ ሚኒስተራት ዝርከብዎም ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስቲን ግንባርን ዝተረኽብሉ ስነስርዓት፡ ምክትል ዋና ጸሓፊ ሃገራዊ ኮንፌደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ ኣቶ ክብረኣብ ኪዳነ፡ ንተሃዋሲ ዓለማዊ ክስተት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኤርትራ ምስ ህሉው ኩነታት እናተሳዕረት ብምዕሩይ ክፍሊት፡ ጽቡቕ ማዕርነት ኣብ ዕዮ፡ ኣቕርቦት ናጻ ዕድላት ትምህርትን ስልጠናን - ማሕበራዊ ፍትሒ ንምንጋስ ተመዝጊቡ ዘሎ ጎስጓስ ዘለዎ ምኻኑ ብምጥቃስ፡ ልምዓት ብሞያዊ ብቕዓት ክድረኽ ይጽንሓለይ ዘይበሃሎ ጉዳይ ከምዝኾነ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕንነትን ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ዕዮ ኣቶ ወልደየሱስ ኤሊሳ ብወገኑ፡ ኑቶም ንስውራና ዘዐወቱን ሃገርና ልኡላውነታ ተዓቂቡ ንክቕጽል ዘኽኣሉን ክብርታት ሰራሕ ዓቂብና፡ ኣብ ህንጸትን ልምዓትን ሃገር ንቕድሚት ክንገፉ ናይ መድረኽ ሕቶ ምኻኑ ብምዝኽኻር፡ ዞላቒ ማሕበራ-ቁጠባዊ ሰረት ንምንጻፍ ኣብ ኣድማዒ ምሕደራ ዕዮ ዝተሰረተ ዕቑር ዓቕሚ-ሰብ ምልላይ፣ ምስ እዋን ዝኸይድ ሽቕለት ምፍጣርን ምስኡ ዝሰነ ስልጠናታት ምውዳብን፣ ሞያዊ ድሕንነትን ጥዕናን ምውሓስ፣ ማሕበራዊ ውሕስነት ምርግጋጽ፣ ከምኡ'ውን ሰላማዊ ዝምድናታት ዕዮ ምስፋንን ምሕያልን ኣገደስቲ ረቛሒታት ምዃኖም ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ብስነጥበባዊ መሰናድኦታት ዝማዕረገ ኣጋጣሚ፡ ንፌደረሽን ኣሰራሕቲ ኤርትራ ብምውካል ቃል ዘስምዐ ኣቶ ሰለሙን ክፍሉ፡ ጉዳይ ሰራሕተኛታት ኣብ ኤርትራ - ናይ ቀዳምነታት ቀዳምነት ከምዝኾነ፡ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ 1991 ዘውጽኦ ኣዋጅ ሕጊ ዕዮ ናይ'ዚ መርኣያ ምዃኑ ኣገንዚቡ።

## ኣስማጥ - ተጠቃምነት ምሩጽ ዘርኢ ንምስፋሕ ይሰራሓሉ

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ፡ ተጠቃምነት ምሩጽ ዘርኢ ንምዕባይ ይስራሓሉ ከምዘሎ፡ ሓላፊ ሕርሻ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ያሲን ዐሶማን ገሊጹ።

ምሩጽ ዘርኢ ብልዑግን ማኽሰን፡ ምስ ኩነታት ናይ'ቲ ከባቢ ከም ዝሰነ ብምጽናዕቲ ምርግጋጹን ንትግባረኡ ከምእተጀመረን ዝጠቐሰ ኣቶ ያሲን፡ ኣብ ዝሓለፈ ክራማት ብሸኺ ዋሕዲ ዝናብ ከምቲ ዝድለ እቶት ከምዘይተረኽበ፡ ኣብ መጻኢ ግን ጸቒጥም ክሰርሑሉ መደብ ከምዝሎ ኣረዲኡ።

ሕርሻዊ እቶት ንምዕባይ፡ ምዕቃብ ማይን ሓመድን መሰረታዊ ብምዃኑ፡ ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናተመሓየሸ ዝኸይድ ዕወት ንጥፈታት ይሰላሰል ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ካብ ወርሒ ጥሪ 2024 ዝጀመረ - ኣብ መሬት ሕርሻ ቀጻሊ ማእቶት ይካየድ ምህላዉ ሓቢሩ።

በቲ ኣብ ሸሞንተ ምምሕዳራት ከበ፡ ዛቢት ኣሰታት 330 ሄክታር ሓደሽ ዛላ ብዅምኡ 277 ሄክታር ድማ ብሓመድ ክስራሕ እንከሎ፣ 248 ሄክታር ዛላ ከምእተጸገ ብዘወሃኸ ኣብሪሁ።

## ጋሽ-ባርካ - ስፖርታዊ፡ ባህላውን ትምህርታውን ቅነ ኣብያተ-ትምህርቲ ተኻይዱ

ኣብ ዝሓለፈ ቅንያት ኣብ ኩለን ዞባታት፡ ስፖርታዊ፡ ባህላውን ትምህርታውን ቅነ ኣብያተ-ትምህርቲ ከምእተኻየደ - ካብ ቦታኡ ዝበጽሓና ሓበሬታ የረድእ።

ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ "ዕጥቅና ፍልጠት - ዕዮና ልምዓት" ብዝብል ቴማ፡ ካብ 26 ክሳብ 29 ሚያዝያ ኣብ ባረንቱ ተቓኒዑ።


ኣወሃሃዲ መደባት ባህሊ፡ ስፖርትን ጥዕናን መምህር ሰለሙን ተኽለሃይማኖት፡ ቅነ ትምህርቲ ኣካል ዕሊታዊ ንጥፈታት መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ስለዝኾኑ፡ ልዑል ኣተኩሮ ከምዝወሃቦ ብምሕባር፡ ሎሚ ዓመት ካብ 16 ንኡሳን ዞባታት ዝመጽኡ 1644 ተመሃሮ፡ ከምኡ'ውን 222 ኣለይቲ ከምእተሳተፉ ገሊጹ።

ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ጋሽ-ባርካ መምህር መሓመድ-ዓሊ ኢብራሂም ድማ፡ ቅነ ትምህርቲ - ብቕዓት ስነ-ኣእምሮን ኣካላትን ተመሃሮ ዘሃንጽ ኣገዳሲ መድረኽ ከምዝኾነ ኣረዲኡ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ፡ እዚ ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናደመቐ ዝመጽእ ዘሎ ቅነ፡ ወጽኢት ጻዕሪ መምህራንን ወለድን ከምዝኾነ ብምርግጋጽ፡ ንቀጻልነቱ ምምሕዳር ዞባ ኣበርክቶ ከምዝገብር ገሊጹ።

ኣቐዲሙ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ - ኣብ ጊንዳዕ ካብ 26-28፣ ኣብ ጋሽ-ባርካ ካብ 19-21፣ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ድማ ኣብ ሓመልማሎ ካብ 18-21 ሚያዝያ ተመሳሳሊ ቅነ ኣብያተ-ትምህርቲ ከምእተኻየደ ተፈሊጡ።





ዜና

# ዝኽሪ ባሕቲ ግንቦት - ኣህጉራዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት ኣብ ዞባታት. . .!

ባሕቲ ግንቦት - ኣህጉራዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት 2024፡ “ሞያዊ ብቕዓት፡ ደራኺ ንልምዓት!” ብዝብል ቴማ፡ ብደረጃ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ብ25 ሚያዝያ ኣብ ባጽዕ፡ ብደረጃ ዞባ ዓንሰባ ብ26 ሚያዝያ ኣብ ከረን፡ ብደረጃ ዞባ ጋሽ-ባርካ ብ27 ሚያዝያ ኣብ ባረንቱ፡ ብደረጃ ዞባ ደቡብ ብ29 ሚያዝያ ኣብ መንደፈራ፡ ኣብ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ድማ፡ ትማሊ 1 ግንቦት ኣብ ዓሰብ - ብዝተፈላለዩ ማሳናድኢታት ተዘኪሩ።

ኣብ'ቲ ናይ ባጽዕ ኣብል ማእከላይ ባይቶ ሃገራዊ ኮንፈደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ ወ/ሮ ኣስመረት ተኸስተ - ብሃኮስኤ ዝውጠን መደባት ኣብ ምዕዋት፡ ኣካላት መንግስትን ግንባርን ንዝበርክዎ ኣበርክቶ በቲ ኢጋጥሚ ኣመስጊኖ።

ኣመሓዳሪት ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ወ/ሮ ኣስመረት ኣብርሃ ድማ፡ ኤርትራውያን ሰራሕተኛታት ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻት ንዝበርክዎን ኣብ'ዚ እዋን'ዚ መደባት ህንጻት ሃገር ንምድንፋዕ ዝዛበርክዎ ዘለዉን ኣበርክቶ ሞጉሱ።

ኣብ ከረን ከኣ፡ ሓላፊ ሃኮስኤ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ኣቶብርሃን ጉብረት፡ እታ ዕለት - ሰራሕተኛታት ቃሎም ንዘበርኽ ኣበርክቶ ዘሐደስላ ምኻና ብምዝኽኻር፡ ሞያዊ ብቕዓት ሰራሕኛተታት - ኣብ ጸጸባሕ ክሕደሰን ብስልጠናን ትምህርቲን ክሰሃን ከምዝኾነ ኣገንዚቡ።

ጸሓፊ ህግደፍ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ሃይለ ተወልደብርሃን እውን፡ ሰራሕተኛታት - ብመንግስቲ ውዳቤታቶም ኣቢሎም፡ መደባት ህንጻት ንምዕዋት ኣበርክቶኦም ንምሕያል ክሰርሑ ተላብዩ።

ኣብ ባረንቱ፡ ሓላፊ ሃኮስኤ ኣብ'ቲ ዞባ ኣቶ ዓብዱ ሳልሕ፡ ባሕቲ ግንቦት - ሰራሕተኛታት ፖለቲካዊ፡ ማሕበራዊ፡ ቁጠባውን ባህላውን መዲያት ህይወቶም ዝበርዑላ ኣገዳሲት ዕለት ምኻና ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ፍሉይነት ቃልሲ ኤርትራውያን ሰራሕተኛታት በዘብመድረኹ ዘርዚሩ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ፡ ኣገዳስነት ሞያዊ ትምህርቲ ኣብ ኣፍራይነት ብምጥቃስ፡ ሰራሕተኛታት - በብዓውዱ ስልጠና ክውሰዱሎም ከምዝድሊ ኣሰሚሩሉ።

ኣብ'ቲ ናይ መንደፈራ ብዝተሳለጠ፡ ሓላፊ ሃኮስኤ ዞባ ደቡብ ኣቶ ተኸስተ ምሕረትኣብ፡ ሰራሕተኛታት ኤርትራ ሓደ ዘመን ዘቑጸረ ፖለቲካውን ዕጥቃውን ቃልሲ ብምክያድ - ማሕበራዊ ደርብታት ክሰብሩን ሕቶ ቃልሲ ንናጽነት ክምልሱን ረዚን ማስዋእቲ ብምኽፋሎም፡ መዓልቲ ሰራሕተኛታት ንኤርትራውያን ሓለፉ ከምዝለዋ ገሊጹ።

ሓላፊ ጨንፈር ዕዮን ማሕበራዊ ድሕንነትን ኣቶ ሃይለ ጉብረሚካኤል ድማ፡ ዕዮን ዓያይነትን ክብ ብምባል - ኣፍራይነትን ወጽኢት ስራሕን ንምዕባይ ዝሰላሰል ንጥፈታት ልዑል ኣተኩሮ ክወሃቦ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ዓሰብ ድማ - ሓላፊ ሃኮስኤ ኣብቲ ዞባ ኣቶ ሓሰን ኻልድ፡ ህንጻት ሃገር ኣብ ኣፍራይነት ሰራሕተኛታት ስለዝምርኮስ፡ ሰራሕተኛታት ውዳቤታቶም ብምሕያል ኣበርክቶኦም ከዕዝዙ ተላብዩ።





# በዓል-መዚ መኻዓዝያ ምድሪ፡ ዝኾነት ተሸከርካሪት ኣብ ዝተመዝገበትሉ ንጥፈት ጥራይ ክትዓዩ ኣተሓሳሲቡ

በዓል-መዚ መጓዓዝያ ምድሪ፡ ኩሎም ወነንቲን መራሕቲን ተሸከርከርቲ ብሓፈሻ፡ ወነንቲ ኮድ-1ን ታክሲን ድማ ብፍላይ፡ ኣብ ዝተመዝገቡሉን ዝተመደቡሉን ንጥፈት ጥራይ ክዩ ኣተሓሳሲቡ።

ግዝያዊ ዋና ዳይረክተር ናይ'ቲ በዓል-መዚ ኣቶ ፋኒኤል ጺጋይ፡ ኣብ 2022ን 2023ን ከም'ኡ'ውን ኣብ ቀዳማይ ርብዒ ዓመት 2024 ንዝተራእየ ጥሕሰት ሕጊን ዝተወስደ ሕጋዊ ስጉምትን ብዝምልከት ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ዝኾነት መኪና ፈለማ ዓመታዊ ቦሎ-ክሳውዶ ብምግባርን ዝተፈቕደላ ንጥፈት ጥራይ ክትዋሳእ ከምዝኾነ ኣገንዚቡ።



ውዕል መድሕን ብምእታውን ሕጋውነት ከተማልእ፡ ጉድኒ-ጉድኒ ድማ - ኣብ'ቲ

ኣብ 2022 ንዝተኻየደ ቁጽጽራዊ ስርሓት ብዝምልከት ኣቶ ፋኒኤል፡ ልዕሊ 4 ሽሕ ዝኾና ኮድ-1 መካይን ኣብ ዘይፍቀደለን ንጥፈት እናተሳተፋ ብዝተገብረለን ምክትታል ተታሒዘን፡ ነፍሲ-ወከፈን ን3 ኣዋርሕ ታርጋ ምውራድን 5 ሽሕ ናቕፋን መቕጻዕቲ ከምእተበየነለን፡ ኣብ 2023 ድማ ብተመሳሳሊ ጥሕሰት፡ ኣስታት 3 ሽሕ መካይን ኮድ-1 ከምእተቐጽዓ ሓቢሩ።

ብጥሕሰት ሕጊ ዝተኸሰሱ 60 መራሕቲን ወነንትን ታክሲ እውን፡ ካብ'ቲ ብሕጊ ዝተወሰነ 10 ናቕፋ ታሪፍ ንላዕሊ ካብ ክፍሉ ስለዝተታሕዙ፡ ነፍሲ-ወከፎም ን3 ኣዋርሕ ታርጋ ናይ ምውራድን 5 ሽሕ ናቕፋን መቕጻዕቲ ከምእተወሰነሎም ገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ ኣቶ ፋኒኤል፡ ወነንቲ ኮድ-1ን ታክሲን፡ ንሱ ጸገም መጓዓዝያ ብምዝማዝ ካብ ዘርእዩዎ ዘለዉ ዘይሕጋውን ዘይስነ-ምግባራውን ባህርያት ክቖጠቡ፡ ሕብረተሰብ እውን ኣንጻር ረብሓታቱ ንዝተግበር ዘሎ ወሰኽ ታሪፍን ዘይሕጋዊ ምንቅስቓሳትን ክቃወምን ናብ ሕጊ ከቕርቦምን ተላብዩ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቀ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ
ቀ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቀ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቀ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቀ.ስ 125013 - ቀ.ሳ.ጸ. 1284




ስእሊ- ዮናታን የዕብዮ

# ሓሳባት

## ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?

3ይ ክፋል

ሲ.ራክ ክፍለ

*እዚ ጽሑፍ'ዚ ካብታ ብሲ.ራክ ክፍለ ተዳልያ ንማሕተም ኣብ ምቕርራብ እትርከብ 2ይ ቅጺ መጽሓፍ "ሕብረተሰብ ካበይ ናበይ ብኸመይ?" እተወሰደ'ዩ። ኣብ 1ይን 2ይን ክፋል ብዛዕባ ማሕበረሰብ፣ ማሕበራዊ ኣምራትን ሓሳባትን፣ ምዕራባዊ-ስልጣንን ዓቓሚ ዝንባለ ምዕራባውያን ክኢላታትን፣ ማሳረት ዓለምለኻዊ ድንጋገ ሰብኣዊ ማሰላት ዝኾነ ባህልን ክብርታትን ገሊጸና ነይርና። መቕጸልታኡ ይስዕብ–*

### ለበራላዊ ዝንባለ ልዑል ኣተኩሮ ኣብ "ውልቀሰብ"

ንቁጠባውን ፖለቲካዊን ጉዳያት ብመንጽር "ውልቀሰብ"ን "ማሕበረሰብ"ን ብዝምልከት ምዕራባውያን ብዙሕ እዮም ጽሒፎም። ንኣብነት ኣዳም ስሚዝ፥ ውልቀሰብ ንረብሓ ግዱ-ርእሱ ክብል "ብዘይረአ ኢድ" ተመሪሑ፥ ዘይወጠኖ ረብሓ ሕብረተሰብ ይፈጥር ይብል። እዚ ሓሳብ'ዚ ብምምጣጥ "ውልቃዊ ውናኔ" (Privtae Property) እንኮ ርትዓዊ ምዕባለ ዘረጋግጽ መገዲ ገይሩ ይገልጽ እዩ። ብዮዜ ኣዳም ስሚዝን ድሕሪኡን ንፖለቲካዊ ጉዳያት ካብ ማሕበረሰብ ነጺሎም ዝገልጹ ብዙሓት ሓሳባት ማዕበሎም እዮም። "ዓለምለኻዊ ድንጋገ ሰብኣዊ ማሰላት" ንዝብሉ ካብዚ መረዳእታ'ዚ ዝፈልፈለ እዩ።

ኣተኩሮና ጽሑፍና ብዛዕባ ማሰል'ዩ። "ማሰል"እንታይ ማለት እዩ? እንታይ የጠቓልል? መን ይሀብ? "ማሰል" ከይጥሓስ'ከ መን የረጋግጽ? ዝብሉ ሕቶታት ደማ መኻይድቱ እዩ። ብዛዕባ ማሰል ክዘረብ እንከሎ፡ ብዘውሓደ ክልተ ሰባት ወይ ልዕሊኡ ኣለዉ ማለት'ዩ። ማሰል ክህሉ እንከሎ ንውልቀሰብ፡ ስድራቤት፡ ማሕበራዊ-ጉጅለ (ማይ-ቤት፡ እንዳ ቀቢላ፡ ደቀንስትዮ፡ ጸለምቲ፡ ሓረስቶት፡ ሸቃሎ ወዘተ.)፡ ሓደ ልኡላዊ ማሕበረሰብ (ሃገር)፡ ክሱብ ብዓለም ደረጃ (ንኣብነት ጉዳይ ከባቢያዊ ድሕነትን ብከላን) ዝምልከ'ዩ። "ማሰል" እምበኣር ካብ "ማሕበረሰብ" ነጺልካ ዝርኣ ኣይኮነን። ብዓንደ ርእሱ'ውን ማሰል ማለት ሓደ ማሕበረሰብ ንውልቀሰብ ደዩ ንስቡ (ማሕበራዊ-ጉጅለ) ዘፍቅዶ ማለት እዩ። ንኣብነት ደንቢ (ቅዋም፡ ሕጊ) ሓደ ሃገር፡ ዜጋታትን ካልኦትን እንታይ ማሰል ከምዝለዎም ዝገልጽ'ዩ። መን እንታይ ማሰል ኣለዎ፡ ማሰል ብኸመይ ኣብ ግብሪ ይውዕል፥ ኣብ ትግባረኡ ዝፀንቀፉ (ማሰል ዝገፉ) ብኸምይ ይእገዱ ወይ ይቕጽዑ ይዝርዝር። ኣብ ታሪኽ ካብ ጥንቲ ክሳብ መጀመርታ 20 ክፍለ ዘመን ማሰል ሰባት ብማሕበረሰብ'ዩ ዝውሃብን ዝጸንዕን ነይሩ። ንኣብነት ናይ ጥንቲ ሕጊ-እንዳባ ኤርትራ ማሰል ኣባላት ማሕበራዊ-ጉጅለን ካልኦትን ብንጹር ይገልጽ።

ኣብ ዝሓለፈ 4,000 ዓመት፥ ንኣሽቱን ዓበይትን ማሕበረሰባት (መንግስታት፡ ስልጣናት፡ እምብራጦርያታት) ንኣብነት ዌስትፋልያ ናይ ሰላም ውዕል (Peace of Westphalia October 1648)፡ ጸኒሖ ከኣ ብደረጃ ዘመናውያን ሃገራት ማሰል ሃገራት ዘረጋግጽ ውዕላት ይፍረሙ ነይሮም እዮም። ካብ ጥንቲ ከኣ ብደረጃ ማሕበረሰብ ጸኒሖ ከኣ ብደረጃ ሃገር ማሰል ውልቀሰብ ዘረጋግጹ ሕጋጋት ይወጹ ነይሮም። ብደረጃ ኣህጉር/ዓለም ማሰል ውልቀሰብ ዝድንግግ ውዕል ግን ናይ መጀመርያ እቲ ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፍና ዝርኣናዮ ድንጋገ ሕቡራት መንግስታት 1948 ጥራይ እዩ።

"ማሰል" ትርጉም ክህልዎ፥ ኣብቲ ማሰል ዘፍቅድ ማሕበረሰብ ሓፈሻዊ ርድኢትን ተቐባልነትን ክህልዎ ኣለዎ። እቲ ዝምልከቶ ሕብረተሰብ ዘይርድኦ ወይ ዘይቕበሎ "ማሰል" ትርጉም የብሉን። ብኻልእ ኣበሃህላ፡ ካልእ ሃገር ወይ ኣህጉራዊ ምትእኽኻብ፥ ንካልእ ሃገር (ሕብረተሰብ) ዘስገደድ "ማሰል" ክሀብ ግብራዊ ትርጉም የብሉን። ሞራላዊ ፍርዲ ኣይተናን ንሀብ ዘለና። ንኣብነት ማሰል ደቀንስትዮ፥ ኣብ ዝኾነ እዋንን ኣብ ዝኾነ ቦታን ብሞራልን ሕግን ቅቡል ክኸውን ዘለዎ ጉዳይ'ዩ። ይኹን'ምበር ኣብተን ደሞክራሲያውያን ዝበሃላ ሃገራት፥ ደቀንስትዮ መሰኢታዊ ማሰል ምድማጽ፥ ንብዙሕ ዘመናት ተነፊገወን ነይሩ። ምዕቡላት ናይ ምዕራብ ደሞክራሲያውያን ሃገራት፥ ንማዕረ ስራሕ ማዕረ ደሞዝ ዝብል ስማዊ "ማሰል" ሃልዩወን ክሳብ ሎሚ ደቀንስትዮ ይኹን ካልኦት (ንኣብነት ጸለምቲ ኣፍሪቃውያን፡ እሲያውያን) ትሕቲ ጻዕዳ ሰብኣይ እዮም ዝኸፈሉ። ኑቲ ኣብ ሕጊ ዝሰፈረ "ማሰል" ንምትግባሩ ከኣ ምዕቡላት ሃገራት ዝወሰድኦ ስጉምቲ የለን። ብኣንጻሩ "ማሰል" ዜጋታት ናይ ሳልሳይ ዓለም ሃገራት (ኣፍሪቃ፡ እሲያን ደቡብ ኣመሪካን) ንምስጥዓድ ዘይጉብረኦ ምፍርራሕን ጸቕጥን የለን። ንኣብነት ዝምድና ሓደ-ጾታ ክሳብ ሎሚ ኣብ ብዙሓት ምዕቡላት ሃገራት ቡቲ ሕብረተሰብ ቅቡል ኣይኮነን። እዚ እናኾነ ግን፥ ኣብተን ሳልሳይ-ዓለም ዝበሃላን ሃገራት ነዚ ማሰል'ዚ ንምስጥዓድ ከቓጽዓ ይጋደያ።

"ማሰል" ዜጋታት ቅድሚ ኹሉ ነቲ ዝምልከቶ ማሕበረሰብ (ሃገር) ዝምልከ'ዩ። ተጠቃሚ ከኣ እቲ ማሕበረሰብ (ሃገር) እዩ። ሓደ ማሕበረሰብ (ሃገር) ኣብ መንጎኡ ሰፊሕ መረዳእታን ተቐባልነትን ንዘለዎ "ማሰል" ከተግብር ግቡኡን ኣገዳሲን እዩ። ብዘተረፈ፥ ሓደ ስርዓት፥ ምስ ክብርታት ሓደ ሕብረተሰብ ዝጻረሩ ብደገ ወይ ብውሑዳት ባእታታት ተደፋፊኦ ሕብረተሰብ ዘይርድኦ/ዘይቕበሎ "ማሰል" ከተግብር ምስገዳድን፥ ኑቲ ሕብረተሰብ ናብ ዝኸፍእ ኩነታት ከምርሖ ይኽእል'ዩ። ንኣብነት፥ ኣብ ቅዋም ሕ.መ. ኣመሪካ ውልቀሰብ ብረት ክውንን መሰሉ'ዩ። ኣብ ካልእ ሃገር ግን ማሰል ምውናን ብረት ናብ ፍንው ቅትለት ዝምርሕ ክኸውን ይኽእል። ስለዚ ኣመሪካ ከም "ማሰል" ስለ ዝፈለጠቶ ካልእ ሃገር ክትክተሎ ግድን ኣይኮነን።

"ማሰል": ሓደ ማሕበረሰብ ንዜጋታቱ ሓባራዊ ረብሓ ክምዝለዎ ኣረዲኡ "ዝፍቅዶ" እዩ። ንውልቀሰብ ወይ ድማ ብፍሉይ ኣብ ሕሉፍ ንዝተጎድኡ ወይ'ውን መድረኽ ዝጠልቦ ንክፋል ማሕበረሰብ - ንኣብነት ደቀንስትዮ፡ ቆልዑ፡ ኣካለ-ስንኩላን - "ዝፍቀድ" ክኸውን ይኽእል።

### "ማሰል" ብመንጽር ውልቀሰብ

"ማሰል" ብሓፈሻ 'ማሰል-ናጽነት' (libety-rights): 'ዝተሲግገረ ማሰል' (claim-rights) ኢልካ ኣብ ክልተ ክመቐል ይከኣል። ኑቲ 'ማሰል-ናጽነት' ዝብል እውን 'መሰኢታዊ ማሰል-ናጽነት'፡ 'ካልኣዊ ማሰል-ናጽነት' ኢልካ ኣብ ክትለ ምኽፋሉ ሓጋዚ'ዩ። መሰኢታዊ-ማሰል እንታይ የጠቓልል፡ ካልኣዊ-ማሰል'ከ ዝብል ሕቶ ብቐንዱ ንማሕበረሰብ (ሃገር) ዝገደፍ ኮይኑ፥ ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፍና ዝጠቐስናዮ 'ናይ ማስለው ደረጃታት ድልየት' ወይ ተምሳሉ ከም መወከሲ ተጠቒምና፥ እቶምታሕተዎት ደረጃታት ድልየት ዝበሃሉ፥ ማይ፡ መግቢ፡ ጸጥታ/ርግኣት፡ መጽለሊ/መንበሪ፡ ጥዕና፡ ትምህርቲ፡ ስራሕ ወዘተ. ከም መሰኢታዊ-ማሰል ክቑጸሩ ይኽእሉ። ናይ ሰባት ላዕለዎት ደረጃታት ድልየት ንምምላእ ዝሕግዙ ነገራት ከኣ ከም "ካልኣዊ-ማሰል" ኢልካ ምግላጽም ይከኣል።

መሰኢታዊን ካልኣዊን ማሰል ዝብል ኣገላልጻ ኣብ ምዕቡላት ሃገራት ልሙድ ኣይኮነን። እቲ ምኽንያት፥ ኣብ መብዛሕትአን ምዕቡላት ሃገራት ምዕራብ ብተዛማዲ "መሰኢታዊ-ማሰል" ስለ 'ዝተማልአ' ይኸውን። ወይ'ውን ኣብዘን ሃገራት፥ ድልየት/ትጽቢት (ማሰል) ታሕተዋይ ቀጸላ ሕብረተሰብ ግቡእ ኣቓልቦ ስለዘይወሃቦ ይኸውን። ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ግን፥ መሰኢታዊ-ማሰል፡ ካልኣዊ-ማሰል ኣብ ዝብል ጉዳይ ንጹር መረዳእታ ክህልወን ኣገዳሲ'ዩ። ምኽንያቱ ማሕበረሰብ ኑቶም መሰኢታዊ ማሰላት እንተዘይማለኦ፥ ሰላም ኣይረክብን ጥራይ ዘይኮነ ከም ማሕበረሰብ (ሃገር)ክቕጽል'ውን ኣሸጋሪ ስለዝኾነ። ኣብ ዝሓለፈ 20 ዓመት ኣብ ኣፍሪቃ ዝረኣናዮ ህዝባዊ ናዕቢ ብቐንዱ መሰኢታዊ ድልየት/ትጽቢት (ማሰል) ናይ ሰባት ስለ ዘይተማልአ'ዩ።

"ዝተሲግገረ-ማሰል"፡ ሓደ ውልቀሰብ ናብ ካልእ ውልቀሰብ ወይ ኣካል ዘሲግገሮ ኮይኑ፥ ብመልታዊ ኣዘራርባ "ወክልና" እንብሎ'ዩ። ማሰሉ ብውክልና ንሳልሳይ ኣካል ዘሲግገር "ዋና" ማሰል'ዩ። ተወካሊ ዝወሃሎ ድማ ረብሓ/ድልየት/ጉዳይ ወካሊ ከማልእ ዝምዝዝ'ዩ። "ዝተሲግገረ-ማሰል" ናይ ገዛእ ርእሱ ሕልኽላኻት ኣለዎ።

ገለ ክፋል "ማሰል" ኣብ ሕጋጋት ሃገር ብንጹር ዝተገልጸ/ዝተሰነደ ኮይኑ፥ ንምርድኡን ምትግባሩን ብተዛማዲ ቀሊል'ዩ። ይኹን'ምበር ዝበዝሐ ግዜ "ማሰል" ብሕጊ ዝተገልጸ/ዝተሰነደ ኣይኮነን። ብሕጊ ዘይተሰነደ ማሰል፡ ሓፈሻዊ መረዳእታን ተቐባልነትን ሕብረተሰብ ስለዘለዎ፡ ብዙሕ ኣዛራቢ ኣይኮነን። ኣብ ገለ እዋናት ግን፥ ውልቀሰብ ወይ ክፋል ሕብረተሰብ ከም "ማሰል" ዝርድኦን ዝቕበሎን ኮይኑ፥ ገለ ክፋል ከም "ማሰል" ዘይፈልጦ/ዘይቕበሎ ክኸውን ይኽእል። ንኣብነት ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ ንኣረጋውያን/ደቀንስትዮ ኣብ ሪጋ ከተሕልፎም፥ ኣብ ኣውቶብስ ኮፍ ከተብሎም፥ ከም "ማሰል" እዩ ዝውሰድ፡ ማሰሎም'ዩ ዝብል ሕጊ ግን የለን።

"ማሰል" ብሕጊ ዝፍቀድ ይኹን ብልምዲ ዝኸበር፥ ኩሉ ኣባል ማሕበረሰብ ብማዕረ ዝርደኦን ዝቕበሎን ኣብቲ ሕብረተሰብ ዝሰረጸ (ወድዓዊ) ገይርካ ምውሳዱ ግቡእ'ዩ። ይውሓዱ ይብዝሑ፥ እናተፈለጦም ደዩ ከይተፈለጦም፥ ማሰል ሰባት ዝህስሉ ኩነታት ስለዘሎ።

ኣብ ዝኾነ ማሕበረሰብ (ሃገር) ብልምዲ ዝፍቀዱ "ማሰላት" ልዑል ኣገዳስነት ኣለዎም። ክብረታት ሕብረተሰብ ስለዝኾና። ይኹን'ምበር ሓሊፉ 'ናይ መን ልምዲ?' ዝብል ሕቶ ከለዓዕል ይኽእል'ዩ። ኣብዚ ጽሑፍ'ዚ እተንተኩረሉ እምበኣር ብቐንዱ ኑቲ ብሕጊ ዝፍቀድ "ማሰል" ኢና።

ብሕጊ ዝፍቀድ "ማሰል"፡ ውልቀሰባት ብኸመይ ይርድእዎ? ዝብል ሕቶ ኣገዳሲ'ዩ። ብሓርፋፍ ኩሉ ውልቀሰብ ሕጊ ዘፍቅደሉ "ማሰላት" ብዝምልከት ግንዛበ ሃልዩዎ፡ እዚ መረዳእታ ብመንጽር ረብሓኡ ክርእዮ ባህርያዊ'ዩ። ኣብ ሓደ ሃገር፡ ኩሉ ዜጋ ማሰል ዝስተ ጽሩይ ማይ ሃልዩዎ፡ ሓደ ኣብ ገዝኡ ምንጪ ጽሩይ ዝስተ ማይ ዘለዎ፡ ኣብ ከባቢኡ ዝስተ ጽሩይ ማይ እንተተሳኢኑ ማሰሉ ዝተገፈ ኮይኑ ኣይሰምዖን ንውልቁ ስለዘይሰኣኖ። ብኣንጻሩ፥ ካልእ ውልቀሰብ ከም ዓቢ ምግሃስ ማሰል ክርድኦ ይኽእል። ናይ ሞትን ሕይወትን ጉዳይ ስለዝኾነ። ብሓጺሩ "ማሰል" ብውልቂ ደረጃ ምስ ረብሓ ዝተሓሓዘ ዝተፈላለየ ትርጉም ክሕዝ ይኽእል'ዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ ውልቀሰባት ብዙሕ "ማሰላት" ከም ዘለዎም መጠን ኣየናይ "ማሰል" እዩ ቀዳማይን ግዴታን፥ ኣየናይ'ዩ ካልኣዊ ወይ ሻለል ዝብልዎ (ረብሓይ ኣይጎድእን እዩ ዝብልዎ) ቀሊል መልሲ የብሉን። ኣብ መረዳእታን ረብሓን "ማሰል" ኩሉ ውልቀሰብ ናይ ገዛእ ርእሱ ዓለም'ዩ ዘለዎ። ክልተ ውልቀሰባት ንሓደ ጭብጥ ማሰል፡ እቲ ሓደ ንዓይ'ዩ ዝምልከ ዝብል መረዳእታ ክህልዎ እንከሎ፥ እቲ ካልኣይ ከኣ ኣይፋልን ንዓይ'ዩ ዝምልከ ዝብል መረዳእታ ክህልዎ ይኽእል። እቲ ማሰል ክሳብ ክንደይ ረብሓኦም ይትንከፍ ብምምዛን ከኣ፥ ሻለል ክብልዎ ወይ ናብ ግርጭት ከምርሑ ይኽእሉ።

ኣባላት ማሕበረሰብ ብዛዕባ "ማሰል" ዘሎ መረዳእታ ውልቃዊ (ባዕላዊ) ኮይኑ፥ ኣብ ትግባረኡ ባዕላዊ መረዳእታን ረብሓን ዓቢ ተራ ኣለዎ። ጀምስ ኮልማን (Foundations of Social Theory: James S. Coleman)፡ ብዛዕባ ማሰል ምትካኽ ሽጋራ ኣመልኪቱ ዘቕረቦ ከም ኣብነት ንርአ–

ኣብ ሓደ ቦታ ሽጋራ ዘትክኹን ዘየትክኹን ተራኺቦም፡ ብዛዕባ ምትካኽ ሽጋራ ማሰል ዘለዎ መን እዩ? ኣብ ዝብል ሕቶ ክህልዎም ዝኽእል መረዳእታ ኣርባዕተ ኣማራጺታት ዋህዮ (set) እዩ ዘቕርብ ኮልማን። ክልተ ሰባት፡ ብዛዕባ "ማሰል" ምትካኽ ሽጋራ፥ ክህልዎም ዝኽእል መረዳእታ ክሳብ ኣርባዕተ ኣማራጺታት ክበጽሕ ይኽእል ንምባል'ዩ። እዚ መረዳእታ'ዚ ንክልተ ሰባት ጥራይ ኣብ ግምት ዘእተወ'ዩ። እዞም ክልተ ሰባት፥ ዘለውዎ ቦታ ቤት መግቢ እንተኾይኑ፥ እቲ ቤት መግቢ ባዕሉ ምትካኽ ሽጋራ የፍቅድ/ኣየፍቅድን መንግስታዊ ሕጊ ብዛዕባ ምትካኽ ሽጋራ እንታይ ይብል ኣብ ግምት ዘየእተወ መበኢታዊ ኣብነት እዩ። እቲ ራብዓይ ኣማራጺ ናይ ኮልማን ፍሉይ ዝኾነ፥ እቲ ዘትክኽ ማሰል ምፍቓድ ምትካኽ ናይቶም ዘየትክኹ ምኽኑ ተገንዚቡ፥ ንከትክኽ ፍቓድ ምሕታቱ እዩ። እቲ ዘየትክኽ ምፍቓድ እንተኣበየ እቲ ኣትካኺ እንታይ ይብል፡ እንታይ ይገብር ንኺ ገዲፉ፥ ኣብቲ መሰረታዊ ሕቶ ማሰል ግን ሓባራዊ መረዳእታ ኣለዎም። በዚ ድማ፥ መሰለይ'ዩ ኢሉ ዝርዳእ ኣትካኺ ሽጋራ ምስ ዝውልዕ እቲ ዘየትክኽ መሰለይ ተገፊፈ ኢሉ ይቃወም። ብኸመይ ይፈትሕዎ ከኣ ንልቦና ክልቲኦም ጥራይ ዝገደፍ ኣይኮነን። ብዘይካኡም ኣብቲ ቦታ ዘለዉ ካልኦት ሰባት፥ ዘለውዎ ቦታ (ቤት መግቢ)፥ መንግስታዊ ሕጊ እዉን ወሳኒ እዩ። ከመይ ኢሉ ንዝብል ገለ ኣብነታት ከቕርብ–

ኣብቲ ቦታ 5 ምትካኽ ዘይቃወሙ፥ 4 ዝቃወሙ እንተልዮም፡ ብደሞክራሲያዊ ምርጫ ምትካኽ ክፍቀዱ ይኽእሉ። ኣብቲ ቦታ ሓደ ሓያል እንተሎ፡ ብሓይሉ ምትካኽ ክኽልክል ይኽእል። ዋና ቤት መግቢ ምትካኽ ክኽልክል ይኽእል። ብሕጊ ኣብ ቤት መግቢ ምትካኽ ዘይፍቀድ እንተኾይኑ፥ ንዘትክኽ ሕጋዊ ስጉምቲ ክውሰዶ ይኽእል።

### ዘይምቅል፥ ዝምቀል-ማሰል

"ማሰል" ብቐጥታ ንውልቀሰብ ወይ ክፋል ሕብረተሰብ ተፈቒዱ፥ ብውልቂ ወይ ብእኩብ መልክዕ ክጥቀምሉ ይኽእሉ። ንኣብነት መንግስቲ ንውሑድ ኣታዊ ዘለዎም ውልቀሰባትን ክፋል ሕብረተሰብን ናይ ገንዘብ ሓገዝ ክህቦም ይኽእል። እቶም ሓገዝ ዝተዋህቦም ከኣ ኣብ ዘድልዮም መዓላ የውዕልዎ። ከምዚ ዓይነት ማሰል "ከይተመቕለ" ኣብ ግብሪ ዝውዕል ዓይነት ማሰል እዩ። "ተመቒሉ" ኣብ ግብሪ ዝውዕል ማሰል እውን ኣሎ። እዚ ማለት እቶም ማሰል ዝተዋህቦም ወጽኢት እቲ ማሰል ብውልቂ ዘይቆጻጸርዎ፥ ኑቲ ወጽኢት ንምጽላው ዘውጽኦም ማሰል እዩ። ንኣብነት ናይ ምምራጽ ማሰል ዘውጽኦም ሰባት፥ ብውልቂ ዝውሰንዎ ነገር የለን። ምስ ተመሳሳሊን ኣንጻርን ድልየት/ትጽቢት ዘለዎም ሰባት፥ ናይ ምድማጽ ማሰሎም ተጠቒሞም ድምጾም ይህቡ። ዝበዝሑ ዝደገፍዎ ሕጹይ ወይ ውሳኔ ከኣ ይዕወት። ኣብዚ ክዘከር ዘለዎ፥ ሓደ ሰብ ዝደገፎ ሕጹይ ወይ ውሳኔ ይተዓወት ኣይተዓወት ብዘየገድስ፥ ምስ ብዙሓት ማዕረ ማሰል ከም ዝተዋህቦ እዩ።

"ማሰል" ኣብ ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊ፡ ፖለቲካዊ ዝምድናታት ማሕበረሰባት ኣዝዩ ኣገዳሲ ረቛሒ ኮይኑ፥ ኣብ ላዕሊ መሰኢታዊ መእተዊ ቀሪቡ ኣሎ። ክሳብ ሕጂ "ማሰል" ብሓደ ማሕበረሰብ ንውልቀሰባት ወይ ክፋል-ማሕበረሰብ ዝፍቀድ ምኻኑ፥ "ማሰል" ግብራዊ ትርጉም ክህልዎ ኣባላት እቲ ሕብረተሰብ ብዛዕባ እቲ ማሰል መረዳእታ ክህልዎምን ክድግፍዎን ከም ዘድሊ፥ "ማሰል" ኣብ ዝኾነሉ ግዜ ከኣ፥ ከተግብሮ ዝኽእል ስርዓት መንግስቲ ክህሉ ከምዝለዎ፥ ክልተ ዓይነት ኣተገባብራ "ማሰል" ተፈቒዱ ከይተመቕለ ውልቀሰብ ዝጥቀመሉ፥ ወይ'ውን ንብዙሓት ተፈቒዱ ውልቀሰባት ከፊል ማሰል ዘውጽኦም፥ ብሓጺር ርኢና። ኣብ ዝቕጽል መረዳእታ ጸጋማውያን ኣብ ማሰል ክንምልከት ኢና።

**ይቕጽል . . .**

# ሸባብ

ሃማመተኤ


## ሓሳባት

# ብጽባሕና እንታይ ትሓስብ?

ቤትኤል ሰለሙን

“ኣነ ንጽባሕ ኢለ ብዙሕ ኣይጭነቕን እየ? በቃ ንሎሚ ይነብር፡ ጽባሕ እንተ'ለኹ ግርም እታ ጽባሕ ድማ ሎሚ ዝብል ስም ምቕያራ ስለዘይተርፋ ምስ መጽኣት ንላለያ።”

“እዋእ፡ ኣቲ ንዒ እባ ከም ሰብ ኩኒ። መጻኢኺ ከተጸብቚ ዶ ኣይኮንክን ለይትን መዓልትን ትሰርሒ፡ ትጽዕሪ ዘለኺ።”

“ሰብ እንድየ ዘለኹ መሓዛይ፡ ንስኺ ኢኺ ሰብ ምኻን ዘድልየኪ ዘሎ። ምኽንያቱ ናይ ህይወትኪ ውሕስነት ምሳኺ ዘይኮነት ምስ ፈጣሪኺ እያ ዘላ። ስለዚ ርግጸኛ ክትኮኒ የብልክን። ደሓር ከኣ ኣይትርድእንን ኣለኺ እምበር፡ እዛ ጽባሕ ትብልያ ዘለኺ ናተይ፡ ሎሚ ምስ ኮነት እየ ከጸብቓ ዝፍትን፣ ስለዚ ንኽምኡ እየ ዝሰርሕ ዘለኹ።”

“ኦይ… ንስኺ ደኣ ዘይትርትዒ።”

እዚ ዕላል ቀቅድመይ ናይ ዝኸዳ ዝነበራ ኣብ ዕድመ መንእሰይ ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ እዩ ኔሩ። ዕላለን ከይተረድኣኒ ዘላግሰሉ መንገዲ ገዛይ ስለዘብጽሓኒ ግን ክገድፈን ተገዲደ። ንበይነይ ግን ነቲ ሓሳባት ከሰላስሎ ፈቲነ። ነታ ኣዝያ ደስ ትብለኒ መማህርተይ ዝነበረት ብዛዕባ ጽባሕ ዘዕለለትኒ ዕላል ድማ ደጊመ ኣስተማቒረያ። ወላ እኳ ኣብዚ እዋን ምሳይ ኣይትሃሉ፡ ሓሳባ ግን ወትሩ ይመላለሶ እዩ።

“መዓልታዊ ንጥፈታት ናይዛ ንነብረላ ፕላኔት፡ ብጸሓይ ምብራቕ እዩ ዝጅምር። እዚ ድማ ዘይተርፍ ትዕድልቲ መፈለምታ ናይታ ጽባሕ መዓልቲ እዩ። ወትሩ ሓዳስ መዓልቲ ብደርሆ ነቀን ብጨራታት ጸሓይን ምምጻእ ሓዳስ መዓልቲ ምስ ተበሰርና ድማ፡ ዕለታዊ ንጥፈታትና ነካይድ። መዓልታዊ ናብርኦም ዘካይዱ ሰራሕተኛታት፡ ፍልጠት ክውስኹ ዝኸዱ ተመሃሮ፡ ኣምላኽ ከምስግኑን ክልምኑን ዝጓዓዙ ኣመንቲ፡ ብሓፈሻ ንሰብ ዘድሊ ንጥፈታት ይካየዱ። ሓድሽ ምህዞ፡ ባህርያውን ሰብ ሰርሖ ሓደጋ፡ ዝሞቱን ዝውለዱን፡ ዝፋትሑን ዝምርዓዉን፡ ዝኸዱን ዝመጽኡን፡ ጽቡቓትን ክፉኣትን ናይዛ ዓለም ኣብ ጸጽባሕ እዩ ዝፍጸም። እዚ ኹሉ ፍጻመታት ኣብ ጸጽባሕ ዘጋጥም ካብ ኮነ ኣነን ስንኽን እውን ተኻፈልቲ ናይ ኣጋጣሚታት ጽባሕ ኢና። ግን ከኣ ካብዚ ኩሉ ኣየናይ ፍጻመ ጽባሕ እዩ ክገጥመና ንፈልጦ የለን፡ ብዘይካ ንፈጣሪኻ ብሰላም ኣሕዲርካ ብሰላም ኣተስኣኒ ኢልካ ምጽላይ።”

ከምዚ ኢላ ኣብ ትዕልለኒ ዝነበረት ህሞት ብዛዕባ ጽባሕ ዝኾና ከስቆርቁር ስለዝሰምዓትኒ እያ። ወትሩ ድማ ብዛዕባ ጽባሕ ይጭነቕ፡ ይፈርሕ፡ ብዛዕባ ትማሊ ንምንታይ ጌረዮም ዝበልክዎም ነገራት ዘኪረ ጽብሒይ ከይበላሾ ብማለት ይጠዓስ ብሓፈሻ ምልኡነት ኣይስምዓንን ኔሩ። ምኽንያቱ ርግጸኛ ኣይነበረኩ። እዛ ፈታዊተይ ብዛዕባ ጽባሕ ምኽሪ ክትልግሰለይ ከላ ዝሓተተኒ ሕቶ መልሲ ውን ክረኽበላ ኣይከኣልኩን። “ምናልባት መጻኢና ዝንገረና ኔሩ እንተዝኸውን ናይዚ ንነብሮ ዘለና መቀረት ሂወት ከመይ ምመሰለ ኢልኪ እስከ ሕሰቢ፡ ንስኺ ኸ እንታይ ምወሰንኪ?”

እዛ ሕቶ ብርግጽ ንዝኾነ ሰብ ኣብ ሓሳብ ትሸምም ሕቶ እያ። ንስኹም ትምልስዎ መልሲ ከምዘለዎ እሞ ይጽናሕ። ንሳ ዝሃበትኒ መብርሂ ግን ካልእ ሕቶታት ውሽጢ እዩ ዘልዕለልካ። “በቲ ዝተዋህበና ናይ መጻኢ ዕሜ መደብና ፈሊጥና ሂወትና ዶ ከነማሓይሽ ምጸዓርና? ወይ ከኣ ግዜ ስለዘለኒ ቀስ ኢለ የርክበሉ ብምባል ዓቕምና ከይተጠቀምና ንኸንቱ ምነበርና? ብሓፈሻ ስለምንታይ እዮም ሰባት ንዘይፈልጥዋ ጽባሕ ክንዲ'ዚ ዝሓስቡ እንተ ኢልና ብዛዕባ ጽባሕ ርግጸኛታት ስለዘይኮኑ ጥራይ እዮም።”

እዛ ፈታዊተይ ተልዕሎም ሕቶታት ነቲ ምስ ገዛእ ርእሰይ ዝነበረ ግጭት ክፈትሕ ክንዲ ዝፍትን ዝገደደ ግጭት እዩ ፈጢሩለይ። ምኽንያቱ ጽባሐይ ክፈልጦ ዕድል እንተ ዝወሃበኒ፡ ቀሪበ እየ ክመውት ንምንታይ እደክም ኢለ ንሞተይ መቀላጠፍኩ፣ ወይ ከኣ ጌና ሃለኽለኽ ናይ ሂወት ብዙሕ እዩ እሞ ንምንታይ ክንዲ'ዚ ጻዕሪ ኢለ ምተረኹመሸኩ፣ ኖኖእ እታ ናተይ ጽባሕ ብዋጋ ጻዕረይ እያ ትጽብቕ ኢለ ካብ ተስፋ ምቁራጽ ምድሓንኩ። ንስኹም ከ ክቡራት ኣንበብቲ? ብሓፈሻ ግን እዛ ሕቶ ናይዛ ፈታዊተይ ንኹልና ትምልከተና እያ። “ብዛዕባ ጽባሕ ርግጸኛ ዝገብረና እንታይ እዩ?”

ሕጂ'ውን እቲ ንኣእሙሮይ ዝገዝአ ምኽሪ ፈታዊተይ እየ መልሰይ ጌረዮ ዘለኹ። “ክንውለድ ከለና ዝወሃበና ሓይሊ ዘሎ ኮይኑ ይስምዓኒ። ንሱ ኸኣ ኩልና ውልድ ምስ በልና ነውጽኣ ድምጺ ንኽያት እያ። ማዕረ ማዕሪኡ ድማ ዕልልታ ኣሎ። ስለምንታይ እዚ ኣንጻር ኩነት ብሓደ ይፍጸም እንተ ኢልና፡ ድማ ምናልባት ዓለም ክልተ ገጻት ስለዘለዋ ዶ ይኸውን ኢለ እሓስብ። ስለዚ ድሕሪ ብኽያትን ቃንዛን፡ ዕልልታን ሰሓቕን ኣሎ። ነዚ ክንጻወር ድማ ሓደ ሓይሊ ክህልወና ኣለዎ። እታ ንኹሉ ክንገብር ተኽእለና ድማ 'ተስፋ' ትበሃል ባህሪ ኣብ ኣእምሮ



ኩሉ ወዲ ሰብ ዘላ እያ።”

ነዛ ቃል ኣብ ዝነገረትኒ ህሞት ዝተሰምዓኒ ሓጎስ ወሰን የብሉን። ነዓይ'ውን ከም ኩሉ ሰብ ንድልድል ጽባሕ ዘሳግረኒ ተስፋ ዝበሃል ሓይሊ ከም ዘለኒ ክበርሃለይ ጀሚሩ። ከምቲ ዝበለቶ ድማ ንኹሉ ተዋሂባ እንተ'ላስ ባዕልኻ እንተ ዘይኣጥፊእካያ ብናጻ ዝተዋህበትካ መብራህቲ ሂወትካ እያ ማለት'ዩ ክብል ድማ ሓሲበ። እሞ ተስፋ እያ ብዛዕባ ጽባሕ ርግጸኛ ትገብረና ማለት ድዩ? ዝብል ሕቶ ከም ዝሓተትክዋ ኣይርስዖን እየ። “ብርግጽ ጽባሕ ብተስፋ ኢኻ ትጽበያን ትነብራን። ክትሰርሕ፡ ውጽኢት ስራሕካ ክትርኢ፡ ክትዕወት፡ ካብ ሕማም ክትሓዊ፡ ክትምርያ፡ ክትወልድ፡ ከተዕቢ፡ ወዘተ ብተስፋ ኢኻ ትገብሮን ትጽበዮን። ስለዚ ተስፋ ክንዲ'ታ ኣብ ምሉእ ቤት ትበርህ ሽምዓ እያ ኣብ ኣእሙሮና። ንኹሉ ሂወትና ስለተብርሆ፡” ዝብል መልሲ እዩ ተዋሂቡኒ።

ዘኾነ ሰብ ብሓፈሻ፡ ንሕና መንእሰያት ድማ ብፍላይ ተስፋ ዝበሃል ምርኩስ ክህልወና ኣገዳሲ እዩ። ምኽንያቱ፡ እታ ጽባሕን እታ ተስፋን ብማዕረ ዝብጽሓና ብምኻነን ብግቡእ ክንጥቀመለንን ክንነብረንን ስለዝግብኣና። ከምዚ እዛ ፈታዊተይ ነገር ጽባሕ ክበርሃለይ ምስ ጀመረ ዘቕረበትለይ መደምደምታ እዩ። “ርኢኺ ኣለኺ፡ እቲ ፍልልይ ናይ ኣተሓሳስባናን ኣረኣእያናን እዩ። ገለና ብድኹምን ኣሉታውን ኣተሓሳስባና፡ ንተስፋና ኣጥፊእና ጽባሕና ነኽፍኣ። ገለና ድማ ኣእምሮና ብስራሕ ጸሚድና ንጹህ እወታውን ኣተሓሳስባ ብምውናን ብተስፋ ብድሆታትና ብምግጣም ጽባሕና ነጸብቕ። ስለዚ ጽባሕ ንኹሉ ማዕረ እዩ። ጽባቐ ጽባሕና ኣብ ስንቂ ተስፋና'ዩ ዝምርኮስ፡ ስለዚ ኣጆኺ ስንቂ ተስፋኺ ኣይተጉድሊ እሞ፡ እታ ዝጸበቐት ጽባሕኪ ክትፈጥርያ ኢኺ፡” ብምባል እያ ኣብ መንቀራቕሮ ኣእምሮይ ሓቢኣ ዘጥፋእክዋ ተስፋይ ከም ትምለስ ገይራ። ድሮ እኳ ንምንታይ ኣብ ርግጸኛ ዘይኮንኩሉ ጽባሕ እሳቐ ዝብሎ ዝነበረኩ ኣተሓሳስባ ኣጥፊእስ፡ ብመሳልል ተስፋ ብምሕኳር ጫፍ ድሌታተይ ኣብ ምርካብ በጺሐ ኣለኹ።

እዘን ኣብ ህላወ ጽባሕ ክርክር ክካይዳ ዝሰማዕክወን መንእሰያት፡ ብሸነኽ ክልቲኤን ሓቂ ክህሉ ይኽእል እዩ ዝብል ግመት ኣለኒ። ንሱ ድማ ኣመና ብዛዕባ ጽባሕ ክትጭነቕ የብልካን፣ ኣመና ድማ ሸለል በሃሊ ድማ ክትከውን የብልካን። “ጽባሕ ንርእሳ ትጭነቕ እያ'ሞ ንጽባሕ ኢልኩም ኣይትጨነቑ፡” ይብሃል'ውን እዩ። እዚ ማለት እምነትን ተስፋን ይሃልኹም እዩ ዘስምዕ።

ብርግጽ ብዛዕባ ጽባሕ ርግጸኛታት ክንከውን ዘኽእል ሓይሊ ዘይብልና ክኸውን ይኽእል እዩ። እንተኾነ ታሪኽ ብዙሓት ከም ዝምህረና ግን ጽባሖም ሎሚ ክትከውን ምኻና ብምእማን ብተስፋ እናጸዓሩ እዮም ኣብ መዝገብ ታሪኽ ሰፊሮም ዘለዉ። እታ ዘይትሰምዕን ዘይትርእን ሄለን ከለር፡ እቲ ንፈተነታቱ ተስፋ ከይቌረጸ ኣብ ጸጽባሕ ጻዕሩ ዘዛየደ ቶማስ ኤዲሰን፡ ብዓቢኡ ድማ እቲ ሰላሳ ዓመታት ብኢሕን ሓጮን ተስፋ ሰኒቑ ንጽባቐ ጽባሕ ዝተቓለሰን ጅግና ኤርትራውያን ዓቢ ኣብነትና እዮም። ሓደ ብዓል ጸጋ ዕድመ ዝኾነ ሰብኣይ ከም ዝበሎ፡ “ትማሊ ከይዘከርካ ሎሚ ክዕየ ኣይከኣልን'ዩ። ሎሚ ከይሰራሕካ ኸኣ ጽባሕ ዝዝከር ታሪኽ ክህልወካ ኣይክእልን እዩ።” ስለዚ ንሕና ኣብ ዕድመ ንእስነት ዘለና፡ ዕለታዊ ሓሳብና፡ ሰናይን ቅኑዕን፡ ብተስፋ ንቕድሚት ክንስጉም ክንገብሮ ኣለና። ትማሊ ዘምጽኣና እናዘከርና፡ ምስ ሓለፍና ድማ ጽባሕ ዝዝከር ታሪኽ ክህልወና፡ ንጽባቐ ጽባሕና ብሚዛናዊ መንገዲ ክንጽበዮ ኣለና። ብዙሕ ከይተጨነቕና፡ ኣመና ከኣ ከይተዛነና።

## ልቦና

# ኣነቓቓሒ ዛንታ

## ዝነቐዐ ክፋል ተፈጥሮ

ሱራፌል ተ.

ኣብ ሓደ ዓዲ ናይ ቻይና'ዩ። ሓደ ብኽልተ ዓበይቲ ዕትሮ ማይ ዝጓርት ሓደ ሰብኣይ ነበረ። ክልተ ዕትሮ፡ ብኽልተ ጫፍ ናይ ሓደ ተሪር በትሪ ብምንጥልጣል ኣብ ማእገሩ ጸይሩ ይጓርት ነበረ። ሓንቲ ካብተን ዕትሮ ነቓዕን ማይ ተንጥብን፣ እታ ሓንቲ ኸኣ ጥዕይቲ ዘይተንጥብ ነበረ። እታ ዘይተንጥብ ዕትሮ ኵሉ ግዜ ምሉእ ከተዕርቕ እንከላ፡ እታ ነቓዕ ግን ፍርቂ ተዕርቕ ነበረት። በዚ ኸኣ እታ ነቓዕ ዕትሮ ትጕሂ ነበረት።

እቲ ሰብኣይ ንኽልተ ዓመት ምሉእ፡ በታ ሓንቲ ምሉእ ዕትሮ ማይ በታ ሓንቲ ኸኣ ፍርቂ ዕትሮ ማይ ናብ ገዛኡ ኣብጽሐ። እታ ነቓዕ ዕትሮ በቲ ፍርቂ እተብጽሖ ማይ፡ ተስፋ ዘይብላን ዘይምልእትን ምኻና ኣጒሃያ። ክልተ ዓመት ምሉእ በዚ መሪር ውድቀት ኢላ ዝሓሰበቶ ዝሓሰበቶ፡ ኵሉ ነገር ኣጽልኣ። ሓደ ንግሆ ኣብቲ ማይ ዝቐድሖ ቀላይ እንከለው፡ “ኣነስ እሓፍር ኣለኹ። እዚ ነቓዕ ወገነይ ማይ እናኣልሓኹ ካብቲ ዝግብኣኒ ፍርቂ'የ ናብ ገዛ ዘብጽሕ ዘለኹ፡” በለቶ ነቲ ሰብኣይ።

“ማይ መሊእና ክንከይድ እንከለና ብየናይ ሸነኽይ እስከመኪ?” ብሕቶ መለሰ ጓሪቲ ማይ ሰብኣይ።

“ኵሉ ሳዕ ብየማናይ መንኰብካ ኢኻ እትጸረኒ።”

“እሞ ኣብቲ ንገዛ እንኸደሉ መገዲ፡ እቲ የማናይ ሸነኽ በቐሉ ዘሎ ዕምባባታትከ ርኢኺዮዶ ኣለኺ? ብጸጋማይ ሸነኽ ዕምባባታት የለን። ማይ ዘልሐኹ ሸነኽ ከም ዘሎኪ ብኣጋኡ'የ ፈሊጠ። ሽዑ ዕምባባታ ዘሪኣሉ። ማይ መሊእና ክንምለስ እንከለና ኸኣ ካብቲ ካባኺ ዝነጥብ ማይ ይሰቲ ነይሩ፣ ንስኺ ኢኺ ማይ እናስተኺ ኣዕቢኺዮ። ብዘይ ብኣኺ እቲ ንግሆ ንግሆ ጥዑም ሽታን ባህታ ዝፈጥር ትርኢትን ኣብ መገድና እንረኽቦ፡ ካብኡ ቀንጢብና ኣብ ማእከል መመገቢ ጣውላና እንቕምጦ ባህ ዘብል ዕምባባታት ኣይምሃለወን ነይሩ። እዚ ዝነቐዐ ክፋል ተፈጥሮኺ እንተ ዘይህሉ፡ ገዛናን መገድናን ብዕምባባ ኣይምተባረኸን።”

Inspirationalstories.com

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ድባርዋ

ት/ዕድመ ፍትሓዊት ዳዊት ተኽሉ፡ ብዞማዚት ኣዲኣ ለተብርሃን ጉብረጻየን ጉብረእየሱስ ኣቢሉ፡ ፍትሓዊት ዳዊት ተኽለ ምግል ተሪፉ፡ ፍትሓዊት ተሰፋይ ተወልደብርሃን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ዓለ ሃይለ ናይዝጊ ምግል ተሪፉ፡ ሰሎም ሃይለ ናይዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ልያ ጉብረእየሱስ ትኩእ ተሰፊ፡ ኣቦይ ጉብረእየሱስ ትኩእ ተሰፊ ስለዝዋረፊ፡ ንዩልቲ ቤቱ ወ/ሮ ርግበ ሃይለ ዘርኣብሩኽ ናይ መጻምዲ ማሳላ ይተሓለወሉ፡ ኣነ ጥራይ ወረሰት ምኻነይ ድማ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሰሰት ወ/ሮ መርሃዊት ጉብረመድህን ጉብረሂወት፡ ተኸሳሲ ኣቶ መሓሪ ኢሳቕ ጉብረታትዮስ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

ወረ/ፍ ኣብርሀት ተወልደብርሃን ሓጎኡ ኣቶ ፍረዝጊ ቴድሮስ ክፍሎም፡ ሓትኻታተይ ወ/ሮ ለተዝጊ ተወልደብርሃን፡ ወ/ሮ ታቦቱ ተወልደብርሃን፡ ወ/ሮ ለምለም ተወልደብርሃን፡ ንልዕሊ 40 ዓመታት ደሃይ ስለዘይብለን፡ ህላውተን ክረጋገጸለይ፡ ህላውተን ምስ ዘየርከበ ድማ ጥፉኣት ምኻንን ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 22/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞ/ደ/ደቀምሓረ

ወ/ሮ ጻዕዱ ሰዩም ኪዳኑ በዓል ቤተይ ኣፈወርቂ ፍስሃየ ሰንጋል ስለዝተሰወኡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሰሲት ጉት ኣስፍሃ ተኸሳሲት መኣዛ ተኽለሃይማኖት፡ ንዝ ምልቃቕ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡

ከሰሲት ሰላማዊት ኣንገሶም፡ ተኸሳሲ ግርማይ ሃይሉ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን22/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

ኣቶ መሓሪ ኣርኣያ ህብታይ፡ ወለድና ኣርኣያ ህብታይን ሮማ ሓረኸትን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ትርሓስ ሃይሉ ተኸሳሲ ኣቶ መሓረና በየነ ገርጃ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን22/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ሰናይ ብርሃ ጉብረስላሰ ምግል ተሪፉ፡ ፍረዝጊ ብርሃ ጉብረስላሰ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ዓንሰባ ዓዲ ተከሌዛን

ወ/ሮ ኣለማ ፍረዝጊ፡ በዓል ቤተይ ሓድጉ ጉብረመድህን ቀለተ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሚካኤል ጉብረእየሱስ ጉብረክርስቶስ፡ ኣደይ ኣስካለ ጉብረክርስቶስ ተኽለሃይማኖት ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ዓንሰባ ከረን

ዓዙዲን ጉብረቢ ሰዒድ ምግል ተሪፉ፡ ዓዙዲን ዓብደላ ሰዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣዜብ ስብሃቱ ሚካኤል፡ ኣብ ከተማ ከረን ከጠ. 01 ዝርከብ ትካል ቤት መሸጣ መድሃኒት ኤርትራ ብስም መዋቲ በዓል ቤተይ ነ/ፍ መ/ም ተወልደ ጉብረ ወልደጋብር ስለዘሎ፡ ብመሰረት ወርሻ መረጋገጺ ሰነድ ካብ ስም መዋቲ በዓል ቤተይ ናብ ስመይ በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ኣዜብ ስብሃቱ ሚካኤል ይተሓላለፈለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጸሮና

ከዋኒት በርሀ ምግል ተሪፉ፡ ከዋኒት ተሰፋኣለም ተወልደብርሃን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞ/ጋ/ባ/ ባረንቱ

ከሳሲት ወ/ሮ ሸዊት ኣብርሃለይ መሓሪ ተኸሳሲ ኣቶ መሴ ጉዝቫ ዓንደ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ጸጋ ኣብርሃ ክፍሉ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሃብቶም ሰለሙን ሃይሉ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን20/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ገለብ

ዛህራ መሓመድ ስሌማን ምግል ተሪፉ፡ ዛህራ መሓመድ ማሳለም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ወ/ሮ ግደይ ሰዩም ደረሱ፡ ኣደይ ብዙ መደባይ ጉብረማስቀል ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወረሰታ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

ወ/ሮ መድሃኒት ሾሻይ ዘመንፈስ፡ ኣደይ ሉተንክኤል ተወልደ በራኺ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወረሰት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ሐመድዲን ሓሰን ዓምዴስ ምግል ተሪፉ፡ ሐመድ ሓሰን ዓምዴስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሸዕብ

ዐሶማን ኣደም ኣጀለ ምግል ተሪፉ፡ ዐሶማን ኣደም መሓመድዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ኣብ ኣስመራ ዞባ 4 ን/ዞባ 02 ጎደና 715 ሎታ 84 ፓርቸላ D2 ዝርከብ ብስም ኣቦይ ኣፍ/መሓሪ ካሳ ተስፋጽዮን ብቁ.መለለዪ ንብረት 180817 መወከሲ ቁጽሪ 141060 ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ዝተመዝገበ ገዛ ናብ ስም ወረስቲ ከመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ ሒዙ፡ ናብ ቤ/ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ኦሪጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጸም ምኻንና ንሕብር፡፡

ኣቶ ልዑል መሓሪ ካሳ

---

ኣብ ከተማ ኣስመራ ምም/ንኡስ ማ/ከተማ ጎደና 'ኣርባዕተ ኣስመራ" ቁ.ገዛ 39 ፕሎት 46 ፓርሰል "B" ፓርሰል ዞን ASP00037590 ክፍልታት ቀንዲ 5 ሓገዝቲ 2 ክፍሊ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብመለለዪ ቁ.ንብረት 1፡ 008184 ብዕለት 21/05/2015 ብስም ዓብደልቃድር መሓመድ ያሲን ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ገዛ ንዓይ ስለ ዝሸጥለይ፡ ናብ ስመይ ከመሓላለፍ ስለ ደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ጉት ሰለሙን ጉብረስላሴ

---



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ሓውና ኣቶ ኢሲያስ ኣብራሃ ጻዕዳ ዝተሰማዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ከረን ዘቃበርኩምና፡ ገዛ ብምምልላስን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ነመስግን፡፡

ኣሕዋቱን ምሉኣት ስድራቤትን

---



### ምስጋና

ብሃንደበታዊ ሞት ኣቦና ኣቶ ጴጥሮስ ንጉሰ ሰፋር ዝተሰማዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ መካነ መቓብር ጸጸራት ዘቃበርኩምና፡ ገዛ ብምምልላስን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ነመስግን፡፡

በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ሰማይኣሽ ኣብራሃ
ምስ ደቁን ምሉኣት ስድራቤትን

---

ሓበሬታ - እዚን ኣብ ላዕሊ ተቐሚጠን ዘለዋ ክልተ ምስጋና፡ ኣብ ናይ ትማሊ ሕታምና ብጌጋ ተቐያይረን ስለዝወጻኣ፡ ተኣሪመን ደስኡዳ ከምዝለዋ - ምስናይ ይቕረታኡ ንሕብር፡፡

---

ኣነ ኣመልካቲት ኣብ ዞባ ማእከል፡ ዞባ 02 ምም/09 ጎደና ኮረም ቁ/ገኣ 15 ዝተደነላ ብቁ/ምስክር ወረቐት 103709 መወከሲ ቁጽሪ 109192/125747 ግዚያዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ከተማ ዝወጹ ብስም ወረስቲ ኣፍ/ተሰፋይ ኣባይ ጋርዛ (መዓሾ ተሰፋጋብር+8) ዝተመገበ ገዛ ሰነድ ዋንነት (ሊብሬቶ) ስለዝጠፍኣኒ፣ ረኺቦሞ ወይ'ውን ብዕዳ ሒዞሞ ብል እንተሃልዩ ብቁ/ቴሌፎን 07131850 ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ደዊሉ የረክበኒ፡፡ እንተዘይተረኺቡ ግን ካብ ዝምልከቶ መተካእታ ክሓትት ምኻነይ እሕብር፡፡

ወ/ሮ መዓሾ ተሰፋጋብር

---

ኣነ ኣመልካቲት ወ/ሮ ኣዜብ ተኸስተ ፍስሃጽየን ምስ 2 ኣሕዋተይ 1. ወ/ሮ ለምለም ተኸስተ ፍስሃጽየን 2. ወ/ሮ ሓጀር ተኸስተ ፍስሃጽየን ወረስቲ ናይ ኣቦና ነ/ሄር ተኸስተ ፍስሃጽየን ተሰፋገርግሽ ምኻንና ኣብ ኮማዊ ቤት ፍርዲ ጉዳይፍን ሰሚባልን ኣስመራ ብዕለት 29/07/20215 ኣብ መዝ/ቁ 192/2015 ውርሻና ኣረጋጊጽና ኢና፡፡ ንሕና ወረስቲ ካብ ወላዲና ብውርሲ ዝረኸብናዮ ገዛ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብስም መዋቲ ወላዲና ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 109816 መወከሲ ቁጽሪ ድማ 125827/128520 እተመዝገበ ኣሎና፡፡ ሕጂ እምብኣር፡ ነዚ ገዛ ብጽሒት ኣቦና ናብ ስምና ስም ወረስቲ ክስጋገር ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ኦሪጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፈጽም ምኻነይ እሕብር፡፡

ወ/ሮ ኣዜብ ተኸስተ ፍስሃጽየን
ምስ 2 ዝወከለን ኣሕዋተይ

---

## ዓቢ ብስራት ካብ ቀለተ ሆቴል

ቀለተ ሆቴል ርሑስ በዓል ፋሲካ፡ ከምኡ'ውን ርሑስ በዓል ቅንያት ናጽነት እናበለ፡ ሰናይ ናይ ዕረፍቲ ግዜኹም እናተመነየ ንዓኹም ኮነ ንደቅኹም፡ ንፈተውትኹም ኮነ ነዕሩኽትኹም እትዘናግዑሉን እተዕርፉሉን ከምኡ'ውን ንመርዓ ኮነ ንሕጻ ንዝተፈላለዩ ግብጃታት፡ ቀለተ ሆቴል ይኹን ምርጫኹም፡፡
ቀለተ ሆቴል ካብ 5 ግንቦት 2024 ስርሑ ከም ዝጀመረ ብዓቢ ብስራት ክነሕብረኩም ንፈቱ፡፡

ቴሌ. 07112809
ብድሓን ምጹ

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ዩኤል ወናኒ ብጫን ቀጠልያን ማልያ ኮይኑ

ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ጀርመናዊት ክለብ ባይክ ኤይድ ዩኤል ሃብተኣብ፡ ትማሊ ኣብ ዝተኻየደ ካልኣይ መድረኽ ዙር ቤኒን ንናይ ግዜን ናይ ነጥብን ማልያታት ተዓዊቱለን።

ኣብዚ ካብ ፓራኩ ፊሊሙ ኣብ ሳቨ ዝወደኣን 156.4 ኪሎ ሜትር ርሕቐት ዝሸፈነን መድረኽ፡ ዩኤል ካብቲ ቀዳማይ ዝወጸ ኣልጀሪያዊ ሓምዛ ኣማሪ ግዜ ከይከሰረ ሓሙሻይ ተርታ ድሕሪ ምሓዙ'ዩ ወናኒ ብጫ ናይ ግዜ ማልያን ቀጠልያ ናይ ነጥቢ ማልያን ክኸውን በቒዑ።

ክሳብ ምዝዛም እዚ ዓመት ስፖርት ምስ ክለብ ባይክ ኤይድ ኮይኑ ክወዳደር ተሰማሚዑ ዘሎ ዩኤል፡ ነዚ ካልኣይ መድረኽ ኣብ ሰዓት 39.6 ኪሎ ሜትር እናረገጸ'ዩ ንውድድሩ ብ3 ሰዓት፡ 56 ደቒቕን 50 ካልኢትን ወዲእዎ።

ዝሓለፈ ወርሒ 20 ዓመት ዝመልአ ዩኤል፡ ኣብ ናይ ብቐደሚ ትማሊ ቀዳማይ መድረኽ ናይዚ ውድድር ቀዳማይ ደረጃ ወጺኡ'ኳ እንተነበረ፡ ኣካየድቲ ናይቲ ውድድር ግን ኣብ ግዜ ቅጽበታዊ ውድድር ቴክኒካዊ ጌጋ ፈጺምካ ብምባል ናይ ካልኣይ ደረጃ ከም ዝሃብዎ ይፍለጥ። ዋላ'ኳ ኣብዚ ቀዳማይ መድረኽ ሓዚውን ዝነበረ ማልያታት ክምንጠል እተኸኣለ፡ ኣብዚ ናይ ትማሊ መድረኽ ድሕሪ ዘንጸባረቖ ብሉጽ ብቕዓትን ውጽኢትን ግን ደጊሙ ክመልሰን ክኢሉ ኣሎ።

1.75 ሜትር ቁመትን 61 ኪሎ ግራም ክብደትን ዘውንን ተቐዳዳማይ ዩኤል ሃብተኣብ፡ ዝሓለፈ ወርሒ ኣብ ቱርኪ ኣብ ዝተኻየደ ዙር 'መርሲን' ማልያ ኣንበሳ ዓቕብ ከም ዝወሰደ ኣይርሳዕን። ኣብ ወርሒ ለካቲት'ውን ኣብ ዙር ርዋንዳ ክሳብ ራብዓይ መድረኽ ነዛ ማልያ ወድዩዋ ነይሩ'ዩ።

ብዓለምለኻዊ ማሕበር ቅድድም ብሽክለታ ናይ 2.2 መለክዒ ዝወሃቦ ዙር ቤኒን፡ ለሚ ጎልጎል ብዝዀበለሉ ናይ 113.8 ኪሎ ሜትር ሳልሳይ መድረኽ ቀጺሉ ክውዕል'ዩ። እዚ ውድድር ድሕሪ ጸባሕ ቀዳም ብዝቕጽል ሓሙሻይን ናይ መወዳእታን መድረኽ'ዩ ክዛዘም።




## ጋንታ ማይተመናይ ሓገዝ ረኺባ

ጋንታ ማይተመናይ፡ ካብ ዋና "ኣምባሳደር ሬስቶራንት ዲሲ" ሰላሳን ትሽዓተን ቱታ ብሓገዝ ረኺባ። ወሃቢት ቤት ምግቢ ኣምባሳደር ዋሽንተን ዲሲ ዝኾኑ ኣቶ ርምሰገድ ተኽልዝጊን ወ/ሮ ሰላም ሓጎስን፡ ካብቶም ብሞራልን ንዋትን ንክለብ ማይተመናይ ክድግፉ ዝጸንሑ ግዱሳት ዜጋታት እዮም።

ኣብቲ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቐትሪ ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ዝተኻየደ ስነ ስርዓት ምርኽኻብ፡ ኣቶ ፍስሃየ ተኽልዝጊ፡ ኣቶ ሳህለ ተኽልዝጊ፡ ኣቶ ፍጹም ሃይለን ይትባረኽ ገብረይን ነቲ ስፖርታዊ ልብሲ ንሓለፍትን ኣካየድትን ክለብ ማይተመናይ ኣረኪቦሞም።

ኣብቲ ናይ ምርኽኻብ ስነ ስርዓት ዝተረኽበ ኣቦ መንበር ኮሚቲ ጋንታ ማይተመናይ ኣቶ ኣለምሰገድ ተስፋሚካኤል፡ "ኣቶ ርምሰገድ (ምስ በዓልቲ ቤቱ) ዝወሰዶ ተበግሶ ኣዝዩ ዘደንቕን ክምስገን ዝግብኦን እዩ። ንኹሎም'ቶም ንክለብ ማይተመናይ ዝድግፉ ዘለዉ ግዱሳት መተዓብይቲ ወኪለ ኣመስግኖ" ክብል ኣመስጊኑ።

ዓላሚ ጋንታ ማይተመናይ ኣቶ የናስ ምሕረትኣብ (ፋፋ) ብወገኑ፡ "ንሕና ብመተዓብይትና ኩሉ ግዜ ንተኣማመንን ንሕበንን ኢና። ሳላኦም ከኣ ኣብዚ ደረጃ በጺሕና። ናይ ርምሰገድን ናይ ሰላም ሓጎስን ተበግሶ ሓደ ናይቲ ብዙሕ ኣብነት እዩ። ተጻወትትና ጸቡቕን ምዕቡልን ቱታ ክለብሱ ክኢሎም። ንመተዓብይትና ኩሉ ግዜ ኢና ነመስግኖም" ብምባል ሓጎሱ ብሓበን ገሊጹ።



### መደብ ጸወታ

ሎሚ

ፕሪመር ሊግ

ቸልሲ ምስ ቶተንሃም 9:30 ምሸት

ዩሮፓ ሊግ (ፍርቂ ፍጻመ)

10:00 ምሸት

ማርሰይ ምስ ኣታላንታ

ሮማ ምስ ባየር ለቨርኩሰን

## ደሃይ ኤርትራውያን ኣትለታት




ኤርትራዊ ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ፅቐብ ክብሮም፡ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ጀርመን ኣብ ዝተኻየደ ሃምቡርግ ማራቶን ሻዱሻይ ተርታ ሒዙ ውድድሩ ፈጺሙ። ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ፅቐብ ክብሮም፡ ኣብዚ ውድድር ን42 ኪሎ ሜትር ብ2 ሰዓት 6 ደቒቕን 50 ካልኢትን ብምውዳእ'ዩ ምስ ቀዳሞት ሹዱሽተ ብሉጻት ኣትሌታት ኮይኑ ጸወታኡ ዛዚሙ። እዚ ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ፅቐብ ክብሮም ኣብ ሃምቡርግ ማራቶን ሃሪሙዎ ዘሎ ሰዓት፡ ኣብዚ ዓመት ብኤርትራውያን ኣትሌታት ካብ ዝተመዝገበ ግዜ ካልኣይ ዝቐልጠፈ ሰዓት ኮይኑ ኣብ ሰደድ ሃገራዊ ፈደረሽን ኣትሌቲክስ ኤርትራ ተመዝጊቡ ኣሎ። ኣብ 2015 ኣብ በይጂን ቻይና ኣብ ዝተኻየደ ሻምፕዮን ኣትሌቲክስ ዓለም ኣብ ማራቶን ንኤርትራ ወርቂ መዳልያ ዘምጽአ ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ግርማይ ገብረስላሴ፡ ኣብ ወርሒ ለካቲት ናይዚ ዓመት ኣብ ስጳኛ ኣብ ዝተኻየደ ሰቪያ ማራቶን ውድድሩ ብ2 ሰዓት 6 ደቒቕን 48 ካልኢትን ብምዝዛም ናይ ኤርትራ ናይዚ ዓመት ናይ ማራቶን ዝቐልጠፈ ሰዓት ከም ዘመዝገበ ኣይርሳዕን። በዚ ከኣ ኦሎምፒካውያን ኣትሌታት ግርማይ ገብረስላሴን ፅቐብ ክብሮምን ኣብዚ ዓመት እቲ ዝቐልጠፈ ናይ ማራቶን ሰዓት ዝሃረሙ ኤርትራውያን ኣትሌታት ኮይኖም ኣለዉ።

ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ፅቐብ ክብሮም፡ ኣብዚ ሓያል ውድድር ምንባሩ ዝተገልጸሉ ሃምቡርግ ማራቶን ዝሃረሞ ሰዓት ናይ ውልቁ ሳልሳይ ዝቐልጠፈ ሰዓት ምዃኑ'የም ሰነዳት ሃገራዊ ፈደረሽን ኣትሌቲክስ ኤርትራ ዘረድኡ። እዚ ኣትሌት፡ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ስጳኛ ኣብ ዝተኻየደ ባርሰሎና ማራቶን ን42 ኪሎሜትር ብ2 ሰዓት 5 ደቒቕን 51 ካልኢትን ብምውዳእ ናይ ውልቁ ዝበለጸ ሰዓት ክሃርም ከሎ፡ ኣብ እዋኑ ከኣ ሃገራዊ ክብረወሰን ማራቶን ኤርትራ ኮይኑ ተመዝጊቡሉ ነይሩ'ዩ። ኣትሌት ፅቐብ ኣብ 2020 እውን ኣብ ቫለንሽያ ማራቶን 2 ሰዓት፡ 5 ደቒቕን 53 ካልኢትን ግዜ ኣመዝጊቡ ከም ዝነበረ ኣይርሳዕን። እዚ ኣትሌት፡ ክልተ እዋን ንውድድራት ማራቶን ብ2 ሰዓትን 5 ደቒቕን ክውድኦ ብምኽኣሉ ኸኣ ካብ ዝተፈላለዩ ፈለጥቲ ዓውዲ ኣትሌቲክስ ናእዳ ረኺቡ'ዩ።

ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ፅቐብ ክብሮም፡ ኣብ ዝሓለፉ ቀረባ ዓመታት ኣብ ውድድር ማራቶን ብሉጽ ወጽኢት ከመዝግቡ ካብ ዝጸንሑ ኤርትራውያን ኣትሌታት ምዃኑ ኣይዝንጋዕን። ንሱ ቅድሚ ክልተ ዓመት ኣብ ኣስትርያ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ማራቶን ሳልሳይ ደረጃ ብምሓዝ ተሸላሚ ኑሓስ መዳልያ ኮይኑ ነይሩ'ዩ። እዚ ኣትሌት በቲ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ባርሰሎና ዘመዝገቦ ናይ 2:05:53 ግዜ ከምኡ'ውን በዚ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ሃምቡርግ ማራቶን ዝሃረሞ 2:06:50 ሰዓትን፡ ድሕሪ ሰለስተ ኣዋርሕ ኣብ ከተማ ፓሪስ ፈረንሳ ኣብ ዝካየድ ውድድር ኦሎምፒክ ክሳተፍ ዝኽእል ሚኒማ ረኺቡ ኣሎ። (ሃገራዊ ፈደረሽን ኣትሌቲክስ ኤርትራ ኣወጺእዎ ብዘሎ መምረጺ ኣባላት ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ምስ ቀዳሞት 4 ብሉጻት ኣትሌታት እንተ ደኣ ተሰሪዑ።) ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ፅቐብ ክብሮም ኣብ 2021 ኣብ ቶክዮ ኣብ ዝተኻየደ ውድድራት ኦሎምፒክ ከምኡ'ውን ኣብ 2022 ኣብ ኦሪጎን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ 2023 ከኣ ኣብ ቡዳፐስት ሃንጋሪ ኣብ ዝተኻየደ ሻምፕዮን ኣትሌቲክስ ዓለም ማልያ ሃገራዊት ጋንታ ኣትሌቲክስ ኤርትራ ወደዩ ከም ዝተወዳደረ ይፍለጥ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኤርትራውያን ኣትሌታት ፔትሮ ማሞ፡ መድሃኔ ኣብርሃምን ክብሮም ገብረእግዚኣብሄርን ሰንበት 5 ግንቦት ኣብ ስዊዘርላንድ ኣብ ዝካየድ ጀኒቫ ማራቶን ክወዳደሩ ምዃኖም ወግዓዊ መርበብ ሓበሬታ ናይቲ ውድድር ብዘርገሖ ዝርዝር ተወዳደርቲ ኣትሌታት ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።

ሓደ ካብ ምኩራት ኤርትራውያን ኣትሌታት ምዃኑ ዝእመነሉ ፔትሮ ማሞ፡ ዝሓለፈ ዓመት ኣብዚ ውድድር ካልኣይ ተርታ ሒዙ ውድድሩ ብምውዳእ ተሸላሚ ብሩር መዳልያ ኮይኑ ምንባሩ ኣይርሳዕን። በዚ ከኣ እዚ ኣትሌት፡ ኣብዚ ናይ ሰንበት ውድድር ሓደ ካብ ተጠመትቲ ኣትሌታት ክኸውን በቒዑ ኣሎ። ኣትሌት ፔትሮ ማሞ ኣብ ናይ ጎቦ ውድድር ብደረጃ ዓለም ጽቡቕ ስም ዘለዎ ኣትሌት'ዩ። ንሱ ኣቐዲሙ ኣብ ሻምፕዮን ጉያ ጎቦ ዓለም ብተደጋጋሚ ወርቂ መዳልያ ናብ ሃገሩ ኣምጺኡ'ዩ። ካብ ዝሓለፈ ቀረባ ዓመታት ኣትሒዙ ኣብ ውድድር ማራቶን ክሰጥፍ ድሕሪ ምጅማሩ ከኣ ኣተባባዒ ወጽኢት ኣብ ምምዝጋብ'ዩ ዝርከብ ዘሎ። ምስ ናይ ሚኒስትሪ ምክልኻል ክለብ ደንደን ኮይኑ ናይ ወሽጢ ሃገር ውድድራት ዘካይድ ኣትሌት ፔትሮ ማሞ፡ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ፖላንድ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ማራቶን ወርቂ መዳልያ ዓቲሩ'ዩ። ብዘይካዚ ኣብ ወርሒ ለካቲት ናይዚ ዓመት ኣብ ሰቪያ ማራቶን ተወዳዲሩ ናይ ውልቁ ናይዚ ርሕቐት ዝበለጸ ሰዓት ብምህራም ኣብ ፓሪስ ኦሎምፒክ ክሳተፍ ዝኽእል ሚኒማ ኣመዝጊቡ'ዩ። ኣብዚ ናይ ሰንበት ውድድር ከኣ ብሉጽ ወጽኢት ብምምዝጋብ ናይ ውልቁ ዝበለጸ ሰዓት ከመዝግብ ልዑል ትጽቢት ኣሎ።

ካልእ ኣብዚ ውድድር ኣብ ጎኒ ምኩራት ደቂ ሃገሩ ኮይኑ ዝወዳደር ኣትሌት መድሃኔ ኣብርሃም እዩ። እዚ ኣትሌት፡ ሰንበት ናይዚ ዓመት ካልኣይ ናይ ማራቶን ውድድሩ'ዩ ክካይድ። ንሱ ኣብ ወርሒ ለካቲት ኣብ ስጳኛ ኣብ ዝተኻየደ ካስቴሎ ማራቶን ሳልሳይ ደረጃ ብምሓዝ ኑሓስ መዳልያ ከም ዝወሰደ ኣይርሳዕን። ብዘይካዚ፡ ዝሓለፈ ዓመት'ውን ኣብ ቻይና ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ማራቶን ብተመሳሳሊ ተሸላሚ ኑሓስ መዳልያ ኮይኑ ውድድሩ ከም ዝወደአ ሰነዳት ሃገራዊ ፈደረሽን ኣትሌቲክስ ኤርትራ የረድኡ። ኣብዚ ናይ ሰንበት ውድድር ከኣ ምስ ምኩራት ኤርትራውያን ኣትሌታት ኮይኑ ብሉጽ ሰዓት ከመዝግብ ድሉው ከም ዘሎ ይግለጽ።

ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ክብሮም ገብረእግዚኣብሄር እውን ኣብዚ ውድድር ብሉጽ ወጽኢት ናይ ምምዝጋብ ልዑል ተኽእሎ ዘለዎ ኣትሌት'ዩ። እዚ ኣትሌት፡ ሰንበት ናይዚ ዓመት ካልኣይ ናይ ማራቶን ውድድሩ'ዩ ክካይድ። ንሱ ብ25 ለካቲት ናይዚ ዓመት ኣብ ስጳኛ ኣብ ዝተኻየደ ካስቴሎ ማራቶን ነቲ ካልኣይ ዝወጸ ኣትሌት ብልዕሊ 7 ደቓይቕ ብምቕዳም ወርቂ መዳልያ ከም ዝዓተረ ኣይርሳዕን። ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ክብሮም ገብረእግዚኣብሄር ኣብዚ ውድድር ዝሃረሞ 2 ሰዓት 7 ደቒቕን 25 ካልኢትን




ናይቲ መወዳደሪ ቦታ ክብረወሰን ኮይኑ'ዩ ተመዝጊቡ ዘሎ። ብዘይካዚ፡ ናይ ውልቁ ዝበለጸ ናይ ማራቶን ሰዓት ክኸውን ከሎ፡ ንውድድር ኦሎምፒክ ፓሪስ'ውን ከእትዎ ይኽእል'ዩ። እዚ ኣትሌት፡ ሰንበት ንፈለማ ግዜኡ ኣይኮነን ኣብ ጀኒቫ ማራቶን ዝሳተፍ ዘሎ። ዝሓለፈ ዓመት ኣብዚ ውድድር ሓሙሻይ ተርታ ሒዙ ነይሩ'ዩ። ኣትሌት ክብሮም ኣብዚ ዓመት ምስ ዝኽሪ ሰርሒት ፈንቅል ተኣሳሲሩ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ምብራቕ ኣፍሪቃ ውድድር ፍርቂ ማራቶን፡ ተሸላሚ ብሩር መዳልያ ኮይኑ ከም ዝነበረ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ኣብ ግጥሚት መላእ ኣፍሪቃ ድማ ኣብ ተመሳሳሊ ርሕቐት ምስ ቀደምቲ 10 ብሉጻት ኣትሌታት ኮይኑ ውድድሩ ወዲኡ ነይሩ'ዩ።

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## ኣመሪካ - ደብዳብ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ፍልስጤማውያን ዝተቓወሙ ይቕየዱ

ኣብ ከተማ ኒውዮርክ፡ ንፍልስጤማውያን ዘለዎም ደገፍ ዝገለጹን እስራኤል ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ንእተካይዶ ዘላ ናይ ኣልማማ ደብዳብ ዝተቓወሙን ሰባት፡ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከምዝኣተዉ ተቓሊሑ።

ፖሊስ፡ ኑቶም ሰላማዊ ሰልፊ ዘካየዱ ብዓሰርተታት ዝቑጸሩ ሰባት ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ንምእታዉ - ነታ ኣብ ከተማ ኒውዮርክ ትርከብ 'ዩኒቨርስቲ ኮሎምብያ' ከምዝወረሩ እዩ ዝሕበር ዘሎ።

ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኮሎምብያ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ፖሊስ ተዋፊሮም ከምዝርከቡ ዝጠቐሰ ምንጪ፡ ተመሃሮ ኣብ ውሽጢ እቲ ቀጽሪ ክሳብ ቴንዳታት ተኸሊሎም ተቓውሞኦም ይቕጽሉ ከምዘለዉ ይሕብር።

እቶም ሰልፈኛታት ተቓውሞኦም ኣብ ኣካዳምያዊ ህንጻታት የካይድዎ ከምዘለዉ ዝጠቐሰት ፕረዚደንት 'ዩኒቨርስቲ ኮሎምብያ' ሚኖች ሻፊች ብወገና፡ ኣብ'ቲ ዩኒቨርስቲ ጎጽ ከየካይዱ - ኣብኦት ጸጥታ ክሳብ 17 ግንቦት ኣብ'ቲ ቀጽሪ ክጸንሑ ተማሒጺና ኣላ።

እስራኤል ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ብእተካይዶ ዘላ ደብዳብ ናይ ዝሞቱ ፍልስጤማውያን ብዝሒ፡ ናብ ልዕሊ 33 ሽሕ ክብ ኢሉ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰባት፡ ኣብ ጽርግያታት ወጺኦም ቁጠዐኦም ኣንጸርጺ ደብዳብ ይገልጹ ከምዘለዉ ጸብጻባት የረድኡ።



## ኬንያ - ብሓደጋ ዕልቕልቕ ደሃይ ዘጥፍኡ ሰባት ንምርካብ ጻዕሪታት ይካየድ



ኣብ ከተማ ማይ-ማሂዩ - ኬንያ፡ ዝፍብ ብዘስዓቦ ዕልቕልቕ ሓንቲ ዲጋ ብምፍራሳ ልዕሊ 84 ሰባት ደሃዮም ከምዘጠፍኡ፡ ተቐማጦን ኣባላት ሲቪላዊ ድሕነት እታ ሃገር - ንምርካቦም ሰፊሕ ወፍሪ የካይዱ ከምዘለዉ ተፈሊጡ።

ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ መዓልታት ብዘኸተለ ብርቱዕ ዕልቕልቕ ጥራይ፡ ልዕሊ 46 ሰባት ሞይቶም ከምዘለዉ ዝጠቐሰ ሰቡመዚ ኬንያ፡ ከቢድ ንዋታዊ ክሳራ'ውን ከምዘወረደ ኣመልኪቶም።

ማይ-ማሂዩ፡ ሕልፊ ካልኦት ከባቢታት እታ ዝያዳ ብኣሉታ ዝተጸልወት ከተማ ምዃና ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ ሓያሎ ኣባይታ በቲ ውሕጅ ካብ መሰረቶም ተደፊኦም ከምእትወስዱ ገሊጾም።

ካብ'ቶም ዛጊት ሬሳታቶም ተረኺቡ ዘሎ ግዳያት፡ እቶም 17 ህጻናት ምዃኖም ዝሓብሩ ሰቡመዚ ሲቪላዊ ድሕነት ኬንያ፡ እቲ ክስተት ኣብ ናይ ሰራሕ ተመኩሮም ካብ ዘጋጠሞም ተመሳሳሊ ሓደጋታት እቲ ዝኸፍአ ምዃኑ ኣረዲኦም።

ካብ ዝሓለፈ ወርሒ መጋቢት ኣትሒዙ ኣብ ኬንያ ዝወቕዕ ዘሎ ብርቱዕ ዝፍብ ብዘስዓቦ ሓደጋታት ዕልቕልቕ፡ ብውሑዱ 169 ሰባት ሞይቶም ከምዘለዉ ጸብጻባት ይሕብሩ።

በቲ ባህርያዊ ሓደጋ ልዕሊ 185 ሽሕ ሰባት ካብ ኣባይቶም ተመዛቢሎም ከምዘለዉ እውን እቶም ጸብጻባት የገንዝቡ።

ኣብ ዝመጽእ ቀረባ መዓልታት'ውን ኣብታ ሃገር ተወሳኺ ብርቱዕ ዝፍብ ክዘርም ከምዝኽእል ክኢላታት ሜትሮሎጂ ድሕሪ ምሕባሮም፡ ኣብያተ-ትምህርቲ ንግዚኡ ተዓጽየን ክጸንሓ መንግስቲ ኬንያ መምርሒ ሂቡ ኣሎ።

ኣብ ጎረቤቲ ኬንያ ዝኾና ሃገራት ታንዛንያን ብሩንዲን እውን፡ ብርቱዕ ዝፍብ ብዘስዓቦ ሓደጋታት ዕልቕልቕ፡ ከቢድ ንዋታዊ ክሳራ ክወርድ እንከሎ - ብኣማኢት ዝቑጸሩ ሰባት ከምዝሞቱ ተሓቢሩ።

## 'ትካል ማይክሮሶፍት' ኣብ ኢንዶነዥያ 1.7 ቢልዮን ዶላር ኣውፊሩ

ትካል ማይክሮሶፍት፡ ኣብ ኢንዶነዥያ ኣብ ምምዕባል ሰብሰርሖ ብልሒ (ኣርተፊሻል ኢንተሊጀንስ) ዝውዕል ልዕሊ 1.7 ቢልዮን ዶላር ከምዘዋፈረ ተቓሊሑ።

በቲ ወጺኡ ዘሎ መደብ መሰረት፡ ትካል ማይክሮሶፍት ኣብ ኢንዶነዥያ ኣብ ተጠቃምነት ሰብዝሰርሖ ብልሒ ዘተኮረ ትምህርቲ፡ ንልዕሊ 840 ሽሕ ሰባት ከምዝህብ እውን ተፈሊጡ።

እዚ፡ ኣብ ምምዕባል ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ናይ'ታ ሃገር ዓቢ ተራ ከምዝህልዎ እዩም ብዙሓት ክኢላታት ዝሕብሩ ዘለዉ።

ትካል ማይክሮሶፍት ኣብ ኢንዶነዥያ ኣዋፊርዎ ዘሎ መጠን ገንዘብ፡ ኣብ ዝሓለፉ 30 ዓመታት፡ ኣብታ ኤሽያዊት ሃገር ካብ ዘካየዶ ወፍሪ እቲ ዝዓበየ ምዃኑ ጸብጻባት የረድኡ።

ሰብሰርሖ ብልሒ (ኣርተፊሻል ኢንተሊጀንስ)፡ ንልዕሊ 40 ሚእታዊት ካብ ዕድላት ሽቕለት ኣብ ሓደጋ የውድቕ ከምዘሎ፡ ዓለምለኻዊ ማሕበር ገንዘብ ከጠንቅቕ ጸኒሑ ኣሎ።

ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናማዕበለ ዝኸይድ ዘሎ ዘመናዊ ሰብሰርሖ ብልሒ፡ ብኸመይ ዘለዎ ኣቱዓ እንተደኣ ቀጺሉ፡ ንዘበዝሐ ብሰባት ክሰየ ዝኽእል ስራሓት ክዕምሞ ብምዃኑ - ሽቕለት ኣልቦነት ክበዝሕ ግድነት እዩ።

ዚ፡ ንምቁጽጻር ብዙሓት ሃገራት፡ ነቲ ዝማዕበለ ሰብሰርሖ ብልሒ - ብሃገራዊ መለክዒታተን ገደረን ክቆጻጸራኦ ይፍትና ምህላወን ጸብጻባት የመልክቱ።



## ቻይና - ጽርግያ ብምፍራሱ ልዕሊ 19 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ደቡባዊ ክፋል ቻይና፡ ዓቢ ጽርግያ ብምፍራሱ - ልዕሊ 19 ሰባት ከምዝሞቱን ካልኦት ልዕሊ 30 ሰባት ብከቢድ ቆሲሎም ኣብ ሕክምና ይእለዩ ከምዘለዉን ማዕከናት ዜና ኣቃሊሐን።

በቲ ኣብ ዞባ ጓንዶንግ ዘኸተለ ሓደጋ፡ ኣብ 18 ተሽከርከርቲ ዝነበሩ ሓያሎ ሰባት - በቲ ዝፈረሰ ጽርግያ ተዓጊቶም ምህላዎምን፡ ካብን ናብን ዝካየድ ቁጠባውን ንግዳዊን ንጥፈታት ተሰናኺሉ ከምዘሎን ተፈሊጡ።

ልዕሊ 500 ኣባላት ሲቪላዊ ድሕነት ቻይና፡ ናብ'ቲ ቦታ ተላኢኾም ቅልጡፍ ናይ ድሕነት ሓገዝ ይገብሩ ከምዘለዉ፡ እንተኾነ - ቁጽሪ ምውታት ክዛይድ ከምዝኽእል ሰቡመዚ ቻይና ገሊጾም።

ዛጊት ጠንቂ ምፍራስ ናይ'ቲ ዓቢ መስመር እንታይ ምዃኑ ከምዘይተፈልጠ ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ ኣብ'ቲ ጉዳይ መርመራታት ይካየድ ከምዘሎ ይገልጹ።

ዞባ ጓንዶንግ ኣብዚ ቅንያት'ዚ፡ ብሰንኪ ክሊማዊ ለውጢ ብብርቱዕ ሓደጋታት ዕልቕልቕን ሓያል ህቦብላዊ ንፋስን ትጥቃዕ ከምዘላ እዩም ጸብጻባት ዘረድኡ።



## ኢንዶነዥያ - እሳተ-ጎመራ 'ጎቦ ርዋንግ' ሕጂ'ውን ነቲጉ

ኣብ ደሴት ታጉላንዳግ-ኢንዶነዥያ ዝርከብ እሳተ-ጎመራ 'ጎቦ ርዋንግ'፡ ንራብዓይ ግዜኡ ከምዝነቶገ ማዕከናት ዜና'ታ ሃገር ኣቃሊሐን።

በቲ ካብ መጀመርያ ናይታ ዝሓለፈት ወርሒ ኣትሒዙ ብተደጋጋሚ ዝነቱግ ዘሎ እሳተ-ጎመራ፡ ኣስታት 5 ኪ.ሜ ቁመት ዘለዎ ርሱን ትኪን ሓሙኹሽትን ናብ ሰማይ ከምዝዳረገ ናይ ዓዲ ማሰኻኽር ገሊጾም።

ብሰንኩ፡ ኣብ ኢንዶነዥያ ዝርከብ 7 መዓርፎ ነፈርቲ ተዓጽየን ከምዘለዋን ዛጊት ቁጽሮም ብንጹር ዘይተገልጸ በረራታት ከምእተሰረዙን ተገሊጹ።

እቲ እሳተ-ጎመራ ኣብ ዝነተገሉ ከባቢ ሱናሚ ክፍጠር ዝኽእል ሓደጋ ክርአ ይኽእል'ዩ ዝብሉ ክኢላታት ሜትሮሎጂ'ታ ሃገር ድሕሪ ምጽዋዖም፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ነበርቲ 'ደሴት-ታጉላንዳግ'፡ ካብ ኣባይቶም ከምዝወጹ ተፈሊጡ።

እቲ ባህርያዊ ሓደጋ በቲ ኣብ ዝሓለፉ ቀረባ መዓልታት ኣብታ ደሴታዊት ሃገር ዘጋጠመ ሓደጋ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ከምዝሰዓበ እዩ ተገሊጹ።

'ጎቦ ርዋንግ'፡ ኣብ ደሴት ታጉላንዳግ ናይ ኢንዶነዥያ ዝርከብ ዝለዓለ ጎቦ ኮይኑ፡ ካብ ጸፍሒ ባሕሪ ኣስታት 725 ሜትሮ ቁመት ኣለዎ።

ኣስታት 270 ሚልዮን ህዝቢ ዘለዋ ኢንዶነዥያ፡ ብሰንኪ ዘለዋ ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣ፡ ሓንቲ ካብ'ተን ቀዳሞት ንሓደጋ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ዝተቓልዓ ሃገራ ምዃና ጸብጻባት ይሕብሩ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ፋሚሊ | 02/05/2024 | ጎደና 195፡ 6 ከባቢ ባሕቲ መስከረም፡ ጎኒ ቤት መግቢ ሊባኖስ | 110740 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ　　ቁ.ቴሌፎን 127565